# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 23 ዓመት ቁ. 244 | 10 ነሓሰ 2014 | ገጻት 8 ዋጋ 1.00 ናቕፋ


ሰንበት


ገጽ 2
ንህይወት ወዲ ሰብ ጸለወ-ቲ...



ገጽ 4
ተኹላ ከተማ

ገጽ 5
ጭንቀት ንምውጋድ ዝሕግዙ ነጥብታት



ገጽ 6
"ነዛ መጽሓፍ ኩሉ ዝደረሾ ክቱር ቃዛ ኩርምቲ እዩ" መምህር ሳምሶን ኣስመላሽ



ገጽ 7
ስፖርት
- እናሓደረ ዝሕደስ ተጻዋታይ


## ካብ ቆጸሊ ትምባኾ ነዳዲ ክሰራሕ?

ኣመሪካዊ ሰራሒ ነፈርቲ ቦይንግን መንገዲ ኣየር ደቡብ ኣፍሪቃን ብሓባር ካብ ቆጸሊ ትምባኾ ነዳዲ ክሰርሑ ምኳኖም ኣፍሊጦም።

እቲ ዕላማ፡ ኣብታ ኣብ ኣፍሪቃ ዝሓሸ ቁጠባ ኣለዋ እትብሃል ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ናይ ካርቦን ብኸላ ንምንካይን ሓምላይ ጸዓት ንምምዕባልን ምዃኑ ቢቢሲ ሓቢሩ።

በዚ መሰረት፡ ስካይኤን.ኣር.ጂ. ዝተባህለ ኣማራጺ ናይ ነፈርቲ ነዳዲ ዝሰርሕ ትካል፡ ሳላሪስ ካብ ዝተባህለ ድቓላ ገረብ ትምባኾ ነዳዲ ክሰርሕ እዩ። እቲ ነዳዲ ከኣ ኣብ ነፈርቲ ቦይንግ ኣብ ኣገልግሎት ክውዕል እዩ።

ክልቲኦን ኩባንያታት ኣብ ዘውጸኦ ናይ ሓባር መግለጺ፡ እቲ ኣግራብ ናይ ትምባኾ ካብ ኒኮቲን ዝተባህለ ኣነቓቓሒ ባእታ ናጻ ምዃኑ ንምርግጋጽ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ናይ ላብራቶሪ መርመራ ይካየደሉ




ኣሎ። ኣብ ዝመጽእ ሒደት ዓመታት ከኣ ስነ-ህይወታዊ ጸዓት ክፈሪ ትጽቢት ይግበር።

እዚ ተበግሶ'ዚ ንሓረስቶት ደቡብ ኣፍሪቃ እውን፡ ዕዳጋ ንምርካብ፡ ኣብ ክንዲ ንሽጋራ ዝኸውን ትምባኾ ዝተኣዳቐለ ትምባኾ ንክፍርዩ ስለዘቶቕሶቦ፡ ተወሳኺ ማሕበራዊ ረብሓ ከምዝለዎ፡ ኣብ መንገዲ ኣየር ደቡብ ኣፍሪቃ ሓላፊ ክፍሊ ኣከባቢ ያን ክሩትሻንክ ገሊጹ።

ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ስነ-ህይወታዊ ጸዓት ናይ ምምንፃጊው ተበግሶታት ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት እኳ እንተጀመረ፡ ካብ ኣቕጽልቲ ጸዓት ምምንፃጊው ንሕጽረት መግቢ ዘቃልዕ እዩ ብዝብል መጉት ክተዓናቐፍ ምጽንሑ እቲ ምንጪ ኣረዲኡ።

## ንሳንዱቕ ሬሳስ 50 ሽሕ ዶላር!

መቸም ኣብዚ ዓለም "ወይ ሰብ ደቀይ" ዝብል ወረታት መሊኡ እንደዩ፡ ብህይወት ከለዉ ዝቕበሩሉ ሳንዱቕ ዝሰርሑ ሰባት ከኣ መሊኦም እዮም። ወዲ 48 ዓመት ኣየርላንዳዊ ኣንቶ ዊክዛም ግን ሕልፍ ዝበለ እዩ፡ ንሱ፡ ከም ኣባል ናይ ኣየርላንዳዊት ቦጣሉቂ ኮይኑ ኣብ ወግዒ ዓራቕ ኣብ ዘገልግሉ እዋን፡ በብእዋኑ ሽሞንተ ብጾቱ ብጥይት ተቐቲሎምዎ እዮም። "ብኣኣቶም ዝኻሽኩዎ ስለዘኣኽለኒ ናተይ ሕገስ ሞት ክኾነለይ እየ ዝደሊ" ዝሓላይ ድማ'ዩ። ኣብዚ ብምብጋስ ዝቕበረሉ ሳንዱቕ ኣሰሪሑ ብህይወት እንከሎ ናይ ሞቱ ጽንብል ኩዱሉ ወሲኑ። ጃክ ዳኒኤልስ ዝተባህለ ዓይነት ዊስኪ ስለዝፈቱ ከኣ፡ ንስኡ-ጥበበኛታት




ፈለኛሞ ሳንዱቑ ብቐርጺ ናይቲ ዓይነት ዊስኪ ኩዓልወሉ ኣዚዝምም። ከምቲ ዝጠለቦ ከኣ ተሰሪሕሉ። ዝኸፈሎ ዋጋ 50,000 ዶላር ነይሩ!

ንሱ ንምንታይ ከምኡ ክገብር ከምዝመረጸ ክረድእ እንከሎ፡ ፈለማ ኣብ ንግዳዊ ምልክታታት ናይ ቴለቪዥን ብዛዕባ ዝተፈላለየ ዘይዝወተር ሳንዱቕ ሬሳታት ዝሰርሕ ትካል መወዓውዒ ከምእተኸታተለ እዩ ዝሕብር። "ብድሕሪኡ ብዛዕባ'ቲ ኣዝዩ ዝፈትዎ ነገር ሓሰብኩ፡ እታ ዊስኪ ከኣ ትዝ ኢላትኒ" ይብል ዊክዛም።

እቲ ዘገርም ኣብ ኣፓርትማ እናነበረ ዋጋ ሺላ ንሳንዱቕ ሬሳ ምኽፋሉ እዩ።

## ህንዲ፡ 23 ዓመታት ካብ ስራሕ ዘብኮረት መምህር




ማድህያ ፕራደሽ ኣብ ዝተባህለ ዞባ ናይ ህንዲ እትርከብ ሓንቲ ቤት ትምህርቲ፡ ሓንቲ ካብ መምህራና 23 ዓመታት ዝኣክል ካብ ስራሕ ከምዝበኮረት ገሊጹ።

ሳንጊታ ካሽያብ ኣብ 1990 እያ ከም መምህር ናይ ባዮሎጂ ኣብታ ቤት ትምህርቲ ተቖጺራ። ምምሕዳር ቤት ጽሕፈት ኣብያተ ትምህርቲ ናይታ ዞባ ከምዝሓበሮ፡ እታ መምህር መውዳእታ ደሞዛ ዝወሰደትሉ ወርሒ ብልክዕ ኣይፍለጥን እዩ። ስማ ግን ከም ሰራሕተኛ ክሳብ ሕጂ ኣብ መዝገብ ኣሎ።

እቲ ምምሕዳር፡ እዛ ኣብ ህንዲ ብዝበኩረት ክብረ-ወሰን ሒዛ ዘላ መምህር ኣብዚ ቀረባ እዋን ካብ መዝገብ ክትሕከኽ እያ።


ካሽያብ መምህር ድሕሪ ምቑጻራ፡ ሓደ ዓመት ምስ ሰርሐት'ያ ንሰለስተ ዓመት ዕረፍቲ ሓቲታ። ኣብ 1994 ናብ ስራሕ ምስተመልሰት ከኣ ናብ ካልእ ቤት ትምህርቲ ተቐይራ። ኣብኡ እውን ብጥንሰን ሕርሰን ኣመኽንያ ዕረፍቲ ድሕሪ ምውሳዳ ክሳብ ሎሚ ናብ ስራሕ ኣይተቐልቀለትን። ብኣድራሻኣ ዝተጻሕፈ ደብዳቤታት መልሲ ክረኽብ ከምዘይከኣለ እዩ እቲ ሓበሬታ ዘረድእ።

እቲ ቤት ትምህርቲ ሰለስተ ናይ ባዮሎጂ መምህራን ክህልዉዎ እዩ ዝፍቀደሉ። እቲ ሳልሳይ ቦታ በዛ ብኹርቲ መምህር ስለዝተታሕዘ ግን 23 ዓመታት ዝኣክል ብኽልተ ጥራይ ክኸይድ እዩ ጸኒሑ።

ኣብ ህንዲ መምህራን ካብ ስርሖም ክጠፍኡ ኣዝዩ ግሉን ተርእዮ ምዃኑ ቢቢሲ ኣብ መወዳእታ ኣረዲኡ።

## ኣመሪካ፡ 'ባምቡላ' ንምድሓን መኪና ትሰብር

ሀበኮን ኣብ ዝተባህለ ንእሽቶ ከተማ ናይ ኒውጀርሲ (ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ) ኣብ መኪና ዝተዓጽወ ቈልዓ ዝረኣዩ ሓለፍቲ መንገዲ ቴሌፎን ብምድዋል ህጹጽ ረዲኤት ጸዊዖም። ሰራሕተኛታት ህይወት ኣድሕን ብህጹጽ ኣብቲ ቦታ



ድሕሪ ምብጻሖም፡ መሳኸቲ ናይታ መኪና ሓሸውሸው ኣቢሎም ናብ ውሽጣ ኣተዉ። ይኹን'ምበር፡ ቈልዓ ዘይኮነ ህጻን ዝመስል ባምቡላ እዩ ጸኒሕዎም። ድሒሩ ከምዝተፈልጠ፡ ጓል ክልተ ዓመት - ኑቲ ዋና መኪና ጓል ወዱ እያ ኑቲ ባምቡላ ኣቐሚጣ ምስ ኣቦሓጎኣ ወሪዳ።

ነበርቲ ናይቲ ከባቢ ኑቶም ሰራሕተኛታት ኣድሕን ምስረኣዩ፡ በትን በትን ክረድኡ ተኣኻኺቦም። ደሓር ግን ቀዚዞም ተረፎም።

መራሒ ናይታ ከተድሕን ዝመጸት ጉጅለ፡ ን34 ዓመታት ዝኣክል ኣብ ናይ ሕድገት ስራሕ ከምእተዋፈረ ጠቒሱ፡ "ቬትሮታት ናይ መኪና ክትካእ ይኽእል እዩ፡ ህይወት ግን መተካእታ የብላን" ድሕሪ ምባል፡ ኣብ ከምዚ ዓይነት ስራሕ ዋዛን ሽለልትነትን ከምዘየድሊ ኣጠንቂቑ።

ዋና'ታ መኪና፡ ብሰንኪ'ቲ ጸወዲት ናይ ዘጋጠመ ክሳራ ሕጋዊ ተሓታቲ ምዃኑ ድማ ኣፍሊጡ።


ዜና ሰንበት - የማን ሃይለ

# ሰንበት ምስ ተማሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## 10፥ ንህይወት ወዲ ሰብ ጸለውቲ... ... ዝኾኑ ስነ-ፍልጠታዊ ኣምራት


ወዲ-ሰብ ካብ ኵሉ ህይወታዊ ናይዛ ዓለም፡ ፍልይ ዝበለ ፍጥረት ምዃኑ እንተ ሓሲብካዮ ኣዝዩ እዩ ዘደንቕ። ካብቶም ኵሎም እንፈልጦም እንስሳታት ክንዲዚ በሊሑ ክፍል ምዃኑ ክንግንዘቦ ምስ ጀመርና ዘየደንቕ ኣይኰነን። ንሚልዮናት ዓመታት መልክዕና እናቐይርና ምጽናሕና ጥራይ ዘይኰነ፡ ክሳብ 7 ቢልዮን ዝብዝሒና ህዝቢ፡ ኣብዛ ፕላኔት ክንህሉ ምኽኣልና'ውን ተወሳኺ'ዩ። እሞ ከኣ መከላኸሊን ጸምሪን ዘይብልና ናብ ባእታት ዝተቓላዕና፡ ብዘይ ስሩዕ መግቢን ማይን ክንጸንሕ ዘይንኽእል፡ ብታህዋስያን ኣዚና ተነቀፍቲ፡ ንእሽተይ ኣካላዊ ጥንካረ ዘይብልና ክነስና ኣብዛ ፕላኒት ክነግስ ምኽኣልና ዘደንቕ'ዩ።

መሬት ወጊሑ ካብ ዓራትና ክንትስእ እንከለና ብዛዕባ ኩነታት ኣየርን ካልእን ኣይንጭነቕን ኢና። ከም እንነብር ንጠራጠረሉ ምኽንያት ኣብ ዘይብልና ርእሰ-ምትእምማን በጺሕና ንርከብ። እዚ ውጽኢት እዚ ናይ ኣሽሓት ዘመናት ጕዕዞ ወዲ ሰብ እዩ። ነዚ ኵሉ ክንበጽሕ ዘኽኣለና ከኣ ኣዝዩ ምዕቡል ሓንጎል ስለ ዘለና እዩ። ሰብ ሓንጎል ስለ ዘለዎ ኣይኰነን ኣብዛ ምድሪ ነጊሱ ዘሎ። እቲ መንቀሕቀሕታ ሓንጎሉ፡ ብግብሪ ናይ ምፍታን ኣኽኣሎ ኣለዎ። ንሓስብ፡ ንሓልም፡ ንምኑ፡ ክኾነልና ከኣ ንጽዕር። ኣብዚ መስርሕ ዝገጥመና ብድሆታት ከኣ መፍትሒኡ ፍሒርና ንረኽቦ። በብግዜኡም ንዓለም ዝቐየሩ ዝተፈላለዩ ምህዞታትን ርኽበታትን ኣለው። እዞም ዝስዕቡ ውሑዳት ካብቶም ብዘይ ብእኦም ብህይወት ክንበር ዘየኽእሉና እዮም፤

### 1. ዕንክሊል ወይ መንኰርኰር

"ደጊም ዕንክሊል ምፍጣር ኣየድልን'ዩ፡" ዝብል መግለጺ ኣቐዲምና ሰሚዕና ንኸውን ኢና። እቲ ብዓንኬላዊ ቅርጺ ዘለዎ ነገር ዝዕመም ዝተፈላለየ ስርሓት፡ ብድሆ ኰይኑ ንነዊሕ እዋን ጸኒሑ ነይሩ። እዚ ሽግር ደጊም ተፈቲሑ'ዩ ንምባል ከኣ ገለ ፈላጣት፡ "ደጊም ዕንክሊል ምምሃዝ ኣየድል'ዩ፡" ዝበሉ። ምህዞ ዕንክሊል ብብዙሕ መገዲታት ንህይወት ደቂ-ሰብ ለዊጡ እዩ። ወዲ ሰብ ብዘይ እዚ ምህዞ ንኽንደይ እዋን ክነብር ምኽኣለ ነይሩ? እቶም ብዓንኬላዊ ምንቅስቓስ ዝካየዱ ንጥፈታት ሰብ መወዳእታ የብሎምን። ኣብ ገዛና ካብ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ መሳርሒታት ክንምልከት ንኽእል ኢና።

ተመራመርቲ ስነ-ጥንቲ እታ ናይ መጀመርታ ዕንክሊል መዓስ ከም ዝተማህዘት ይካትዑላ እዮም። እቲ ዝገደመ ጭብጢ ግን ኣብ ሞሶፖታምያ (ናይ ሎሚ ኢራቕ) ዝተረኽበ ቅርሲ'ዩ። እዚ ቅርሲ ንመስርሒ ካይላ ዘገልግል ዝነበረ፡ ብዓንኬላዊ ምንቅስቓስ ዝሰርሕ ዝነበረ እዩ። እቶም ብስልጣኑ ሰጕሞም ዝነበሩ ሞሶፖታምያውያን ዕንክሊል ንመጓዓዝ ከም ዝጠቅም ንኽርድኡ 300 ዓመታት'ዩ ወሲዱሎም። ቅድሚ 300 ዓመት ኣብ ምስራሕ ካይላ ዝጥቀምሉ ዝነበሩ ኣምር ዕንክሊል፡ ንምንቅስቓስ ክጥቀምሉ በቒዖም። ኣብ ከባቢ 2000 ዓመተ ምህረት ቅ.ል.ክ. ጥንታውያን ግብጻውያን ብዕንክሊል ዝጓዓዛ ሰረገላ ከም ዝሰርሑ መዛግቢ ስነ-ጥንቲ ይገልጹ።



ዕንክሊል ኣገዳሲ መካኒካዊ ምህዞ ናይ ኵሉ ግዜ'ዩ። ኣብዚ ዘለናዮ ግዜ ነዚ ኣምር ዕንክሊል ዝጥቀም መካኒካዊ መሳርሒታት ብዙሕ እዩ። ከም ብሽክለታ፡ መኪና፡ ነፋሪት፡ ናይ ፋብሪካ ማሽናት፡ ባምቡላ፡ ሰዓት፡ ሲዲ ፕለየር፡ መጥሓኒ መሳርሒታት፡ ኤሌክትሮኒካዊ መሳርሒታት፡ ወዘተ. ከም ኣብነት ክጥቀሱ ይኽእሉ። ነዚ ምህዞ ኣብዚ 5000 ዓመታት ዕድመ ወዲ-ሰብ ዝነበርናን ዘለናን ገና ነመስግኖ ኣለና።

(ምንጪ፡ ThinkQuest + Gambino)

### 2. ብልሒ ወይ ላማ

ጥንታውያን ደቂ-ሰብ ንበላሕቲ ነገራት ብዝተፈላለዩ ቅርጺን መልክዕን እናሰርሑ ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ክጥቀምሉ ክኢሎም እዮም። በላሕቲ ፍላጻታት፡ ከም ፋስ፡ ካራን ጭማራን ዝኣመሰሉ፡ ብምድላው ህይወቶም ከድሕኑ ክኢሎም። ከምቲ ኣብ መእተዊ ዝተጠቕሰ፡ ደቂ-ሰብ ተነቀፍቲን ግዙፍ ሓይሊ ዘለና እንስሳታት ኣይኰናን። ስለዝኾነ ከም ዝኾነ ንእሽተይ እንስሳ ተጠቃዕቲ ክንከውን ንቡር ነይሩ። ኣእምሮና ክንጥቀመሉን ክንምህዘሉን ምኽኣልና ቀጻልናትና ኣውሒስና ኢና። ካብቲ ብኣእምሮ ደቂ-ሰብ ንድሕነት ዝተዳለወ መሳርሒ ፍላጻታት ነይሩ። ድሒሩ ብዝወጽአ መጽናዕቲታት፡ ጽንጽሕለ ወይ በላሕቲ ኣእማን ነቶም ቀዳሞት ተጠቀምቱ ጽቡቕ ከም ዘየብልያም፡ ዝከላኸለሎም ክዳን ከም ዘይፈጠሮሎም፡ ጽቡቕ መከላኸሊ ከም ዘይኰኖም እዩ ዝገልጽ። 1.7 ሚልዮን ዓመታት ጸኒሖም ዝመጽኡ ወለዶ ደቂ-ሰብ ግን ንውሕልነት ኣእዳዎም፡ ብልሒ ኣእምሮኦምን ፈተነኦምን ተጠቒሞም ኣብ ረብሓኦም ከም ዘውዓልዎ የረድእ።



እንተኾነ ደቂ-ሰብ ስጋ ንምሕራድ ካብ ጥንቲ ከም ዝጀመሩ ዝገልጽ መረዳእታ'ውን ኣሎ። ኣብ 2012 ኣብ ዞባ ዓፋር ኢትዮጵያ ብዝተኻየደ ኩዕታ፡ ቅድሚ 3.4 ሚልዮን ዓመታት ነዚ መሳርሒ ይጥቀሙ ምንባሮም ዘረጋግጽ፡ ንክኢላታት ስነ-ጥንቲ ሓድሽ ኣፍደገ ዝኸፈተ ቅርሲ ተረኺቡ'ዩ። ኣብ ግዜና በላሕቲ ነገራት እንተ ዘይህሉው ከመይ ምነበርና ኢልኪም ትሓስቡ? ስጋ ክንምግብ እንከለና፡ ዝደለናዮ ክንቈርጽ እንከለና፡ ግራውቲና ክንሓርስ እንከለና፡ ወዘተ.???

(ምንጪ፡ Viegas + Reardon)

---

common mistakes in English

ኣብ እንግሊዝኛ ብቱደጋጋሚ ዝርኣዩ ጌጋታት

**GUIDE TO GOOD ENGLISH**

#### PARTS OF SPEECH

Verbs

A verb is a word that describes an action (go, sit, put) or state (be, live) and is normally an essential element in a clause or sentence. A verb is classified as transitive when the action affects a person or thing called the object (We lit a fire), and as intransitive when there is no object (She smiled).

Using the correct tense

Tense is the location in time of the state or action expressed by a verb. English verbs properly have only two tenses, the present (I am) and the past (I was). The future is formed with shall or will, other forms of the past are formed with auxiliary verbs (I have been / I was being), and the past perfect is formed with the past tense of have (I had been).

The tense used mostly corresponds to actual time, apart from conventional uses such as the so-called 'historic present', used for dramatic effect in narratives (as in George gets up and walks over to the window), and the future used in polite requests (as in Will that be all for now?).

However, choice of tense (called 'sequence of tenses') becomes more complex in reported speech. If a simple statement such as I'm afraid I haven't finished is put into indirect speech by means of a reporting verb such as said, thought, etc., the tense of the reported action changes in accordance with the time perspective of the speaker: He said he was afraid he hadn't finished.

The tense of the reported verb can stay the same if the time relative to the speaker is the same as that relative to the person reported: She likes beans can be converted either to She said she liked beans or to She said she likes beans, and I won't be here tomorrow can be converted either to I said I wouldn't be here tomorrow or to I said I won't be here tomorrow.

***




**Son**: I can't go to school today.
**Father**: Why not?
**Son**: I don't feel well
**Father**: Where don't you feel well?
**Son**: In school!

Aryam and Biety

Warsay Yikallo Sec. School - Sawa

source: jokes of school

---


## መዓልታዊት ጋዜጣ

**ኣሰናዳኢ**

ሳምሶን ሃይለ
saha@zena.gov.er
ቍ.ስ 116266/201820(2220)

**ም/ኣሰናዳኢ**

ብንያም ፍስሃጽዮን
bife@zena.gov.er
ቍ.ስ 201820(2217)
ፋክስ፡ 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247
hadas@zena.gov.er

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ. 200454

**ምልክታ**


ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


**ለይ-ኣውት**

ኤደን ሃብተኣብ
ነብያት ጸጋይ
ሳምራዊት መለስ
ዮሃንስ ሃይለ
ምስጋና ተዓገስ


"ውሑድ ኢና እንፈልጥ፣ ኽ ብዙሕ ከም እንፈልጥ ንደንቕ። ንእሽተይ ፍልጠት ክንዲዚ ሓይሊ ይህብ ምዃኑ ከኣ ማለስዩ ዘደንቕ።"

- በርትራድ ሩዘል





# ሽባብ

## ኣብ ሳዋ' የ ቆንየ

ኣብርሃም ዮሃንስ (ወዲ-ዕቋር)

ባህገይ ክስዕቦ ድዩ ዘለኒ ወይስ ክመርሖ ኣይርድኣንን'ዩ። ግን ከኣ ባህጊ ኣለኒ። ብባህገይ ፈሪሐ ኣይፈልጥን። ፍርሒ ብውሽጣዊ ርዲኢትን ብደጋዊ ድፊኢትን ዝነቅል ስምዒት'ዩ። ግን ከኣ ይጠራጠር። ብደቀቕቲ ዕለታዊ ንጥፈታት ዝተጨወየ ወግዒ መዛኖይ ክሰምዕ ከለኹ፡ ሕልመይ ተቐቢሩ ባህገይ ከይኩለፍ ይጠራጠር። ምጥርጣር ንፍርሒ ስለዝወልዶ ንኽይፈርሕ መሊሰ ኣብ ኣድማስ ባህገይ ተዘርጊሐ ንዝተሸነጠ ሕልምታተይ የናዲ። ድስኩል ዕዮ ብዕጉግ ባህጊ ስለ ዝፈጥር ንቑሕ ዕዮ ይምነ። ባህገይ ተፈናቲትካ ዘይኩን ተላፊንካ ስለ ዝዕየ መጓዕዝተይ ኣብ ምእላሽ ድኻም ኣይስምዓንን። መዛኖይ ዝቐልስዎ መጻእ'ዩ ዘብህገኒ፡ ንእስነት ንእስነት ዝሸትት ቅብኣታት ይምስጡኒ። ምስለይ ኣብ ምስሊ መዛኖይ ክስእሎ ድማ ይህቅን። ብጻዕረይን ጻዕሮምን ባህገይ ክዉን ክኸውን ይምነ። ናይ ብሕሶት እናነብርኩ ናይ ብሓቂ ከይመውት የስግኣኒ፡ ስለዚ ሓቀኛን ዝዕግበንን ምንባር የብህገኒ። ኣብ መቓብረይ ዝውቀር ጽሑፍ ድንጉር ከይከውን የሰክፈኒ። ኣብ ናይ ሞትን ሕየትን ናብራ ፍርቂ ዓወት ትርጉም ዘለዎ ኮይኑ ኣይስምዓንን።

ስለዚ'የ ድማ ጫፍ ዓወት ሓኹረ ባህገይ ክዕትዕት ለይትን ቀትርን ከየባራረኹ ዝዓይ ዘለኹ። ባህገይ ዕግበት መላእ ሕብረተሰብ ዝምልሽ ክኾነለይ ይምነ። በዚ ድማ በይነይ ዝፍጥሮ መጻኢ ስለ ዘየለ ምስ መዛኖይ ፍቕሪ፡ ስኒት ይምነ። ምስ መዛኖይ ኮይነ ዝፈጥሮ ሓይሊ ወትሩ'ዩ ዘብህገኒ። ነዚ ባህጊ ጸይረ'የ እምብኣር መጓዕዝተይ ንምንዳይ ንሳዋ ዝነቐልኩ። ብጥበቦምን ፍልጠቶምን ጉደሎ ቖፎ ኣእምሮይ ክመልኡ ዝኽእሉ መጓዕዝተይ ክረክብ እናተመነኹ ነቒለ። ካብ ምስምስ ርሒቖም ንክዉንነት ፊተፊት ዝገጥሙ፣ ንባህጎም ብምርጭኦም ዝቕልሱን ዘማእዝኑን መላፍንቲ ክረክብ ተመንየ። ዕጫኻ ንምርጫኻ ክስዕሮ ከሎ ዝኸፍኣ'ዩ፡ ዕጫኻ ምቕባል ክትስእን ከለኻ ድማ ዝብኣሰ ምኳኑ ዝኣምኑ'ሞ ኣሚኖም ክቕይሩ ዝብህጉ መጓዕዝቲ ተመንየ። ትምኒተይ ትምኒት በይነይ ከም ዘይኮነ ኣብ መዝገብ ዝኸሪ ዕለት ዝጸሓፍክዎ ምስክርዩ።

"ሓደ ኣሜሪካዊ ክኢላ ስነ-ሕብረተሰብ ኣብ ዝዓበየሉ ከባቢ ኮይኑ ወሃ ዘበለ መጽሓፍን ምርምራዊ ስራሕን ክሰርሕ ዝኽእል'ዩ። ዋላኳ ስነ-ፍልጠት ኣድማሳዊን ዘይልወጥን ይኹን እምበር፡ ኣሜሪካ ኣሜሪካ ምሽታቱስ ኣይክተርፍን'ዩ። እቶም ኣብነታት ካብ ኣሜሪካዊ ክውንነት ዝብገሱ ንዕኡ ዘድምቑዎ ጓናና'ዮም። ምኽንያቱ ዝኾነ ሰብ ብዝፈልጦ ከባብን ኣተሓሳስባን ክጽሕፍን ክዛረብን ከምዝደሊ ርዱእ ስለ ዝኾነ ኣብ ክንዲ ጽባቐ ባህላዊ ብዙሕነት፡ ኣብ ኣስመራ ምባል ጽባቐ ባህላዊ ብዙሕነት ኣብ ሲያትል ኢሉ ክጽሕፍ ምኳኑ ርዱእ'ዩ። ኣነ ኣለኹ ባዕለይ ዝብሉና ኣሕዋት ንደሊ ኣለና። ስነ-መድሃኒት ኣጽኒዑ ኬንያ ወይ ህንዲ ከይዱ መጻሕፍቲ ኣገባብ ኣሰራርሓ 'ኣሞክስሊን' ክሽምት ዝኸይድ በዓል ባድላ ክንቅየመሉ ኢና።" መጽሔት መንእሰይ ጥሪ 2011 ኣብ ናይ ቁ.29 ሕታማ ካብ ዘስፈረቶ ጽሑፍ'ዩ።

ኣነ ኣለኹ ዝብሉ መዛኑየ ተመንየ። ንውሽጢ ጠሚቱ ግድላት ዝእክብ ዘይኮነ፡ ዕድላት ዝፈጥር መንእሰይ ተመንየ። ምእካብ ብዙሕነት ምርጫ ስለ ዝፈጥር፣ ብዙሕ ኣማራጺ ክረክብ እናተተሰፈኹ ኣብ ንግደት መናእሰይ ተሳቲፈ። ገለ ካብ ኣፍንጭኦም ኣርሒቖም ዘይሓስቡ መዛኑ ቑስለይ እናረገጹ ቃንዛይ ከዛኻኽሩኒ ብወዝቢ ፈቲኖም። ባህገይ ግን ኑቲ ዝሰኣንክዎ ዘይኮነ ኑቲ ዘለኒ ክሪኢ እናዘኻኸረ ስንቒ ምሉእነት ንኽዓጥቕ ኣዘኻኺርኒ።ኣ ብ ግዕዞ ዕኑድ ምኳን ክኸፍእ ምዓት'ዩ። ዝተዓንዱ መጓዕዝቲ ከይረክብ ኣድሕነኒ እናበልኩ ኑቲ ንግደት ተጸንበርክዎ።

ንላዕሊ ጥራይ ዘይኮነ ላዕልን ታሕትን ጠሚቶም ድልድል ዝፈጥሩ መዛኖይ ምስ ተዓዘብኩ ኣታ ግዲ ባህገይ ክሰምረለይ'ዩ ኢለ። ኣርኪብና ጸር ጠወርትና ክንርከብ ዝብሉ ኣፍላታት ምስ ተዓዘብኩ ደጊም ሕብረት'ዩ ሓይሊ ኢለ። ዕዮኦም መትንታት ደመይ ስለ ዝተንከፈ ፋሕፋሕ ኢልኒ። እንቋዕ ሓውኹም ኮንኩ ድማ ኢለዮም። ኣነ'ለኹ ታይግድኹም ናይ ደገ እትዋት ክነውሕዶ ኢና ዝብሉ ጠቢባን ምስ ተመልከትኩ ንእስነት መሊሱ ኣብዚሚኒ። ካብ ማሕፉዳታት ግዳም ዘይኮነ ካብ ህልው ቕርሲ ክንወርስ ኢና ዝብሉ ምስ ተዓዘብኩ፡ ምስላ እንቋቕሖ ናብ ኣእምሮይ መጺኡ። "እንቋቕሖ ብደገ ክትስበር ከላ ህይወት የብቅዕ፣ ብውሽጢ ክትስበር ከላ ግን ህይወት ትጅምር።" ውሽጦም ጠሚቶም፡ ውሽጦም ኣሚኖም ዝጉዓዙ በጽሒታት ተመልኪተ እንተ ተረዲኢኒ ዋላስ እንድዒ "ኣገናዕ" ኣድሚጸ። ኣለኹልኪ ባህለይ ዝብሉ ግቱራት ኣፍልቢ ምስ ተመልከትኩ ክብሪ መሰረትካ ብምፍላጥ ከም ዝህነጽ ኣሚነ። ባህገይ ድማ ኣብ ሳዋ ክሰምር ምኳኑ ኣሚነ።




# ምኽሪ ሰንበት



## ንብሉጽን ዕውትን ሱብ ኩሉ ይብህጎ፡ ስለዚ....

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጀመረ፣ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቂሞቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኣሰ ዓምዲ "ምኽሪ ሰንበት" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

ደዋሊ፡- ሄለው ሃማመተኤ ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴሌፎን ድዩ?

ኣማኻሪት፡- እወ እንታይ ክሕግዘኪ?

ደዋሊት፡- 3ይ ዓመት ተመሃሪት ኮለጅ እየ። ኣብ ትምህርተይ ድሓን ዝኾነ ደረጃ'ዩ ዘሎኒ። ነጥበይ ማእከላይ እዩ። ከም'ቲ ዝጽዕርን ዝደልዮን ኣይኮንኩን በዚ ድማ ሕጉስቲ ኣይኮንኩን።

ኣማኻሪት፡- ከመይ ዲኺ ትደልይ?

ደዋሊት፡- ድሌተይ ልዕሊ 3 ነጥቢ እዩ። ይኹን እንበር ነጥበይ እንዳ ኣንቀልቀለ ይመጽእ ኣሎ።

ኣማኻሪት፡- ኣብ ቀዳማይ ዓመት (ፍረሽ) ክንደይ ነጥቢ ኣምጺእኪ ኔርኪ?

ደዋሊት፡ መጀመርታ ኣብ መልቀቒ ካልኣይ ደረጃ (ማትሪክ) 3.8 ብምምጻእ ተሸላሚት ዛግረ ኮይነ ነይረ። ኣብ ፈለማ ዓመት ኮለጅ ምስ ኣተኹ እውን ኣይሓመቕኩን። 3.6 ኣምጺኤ ኣብ ካልኣይ ሰሚስተር እውን ኣይሓመቕኩን 3.65 ኣምጺኤ።

ኣማኻሪት፡- ነጥብኺ ሃንደበት ድዩ ወላስ በብቑሩብ ክጎድል ጀሚሩ?

ደዋሊት፡- ሃንደበት እዩ።

ኣማኻሪት፡- ኣብ ክንደይ ዓመት ምስ በጻሕኪ'ዩ?

ደዋሊት፡- ካልኣይ ዓመት ካልኣይ ሰሚስተር እዩ።

ኣማኻሪት፡- እቲ ጠንቂ እንታይ ክኸውን ይኽእል ትብሊ?

ደዋሊት፡- እንታይ ምኳኑ ክርድኣኒ ኣይክእልን እዩ።

ኣማኻሪት፡- ኣብ ማሕበራዊ ሂወትኪ ዝኾነ ዘጋጠመኪ ሽግር ኣሎ ድዩ?

ደዋሊት፡- የለን።

ኣማኻሪት፡- ምስ መሓዙትኪ ዘሎኪ ዝምድና፡ ሓድሽ ፍቕራዊ ዕርክነት ጀሚርኪ እንተኾይንኪ ወይ ድማ ዝነበረኪ ፍቕራዊ ዕርክነት ብዘተፈላለየ መንገዲ ተፈላሊኹም እንተኾይንኩም...ኮታ ዝኾነ ለውጢ ኣብ ዝምድናኺ ኣሎ እንተ ኾይኑ ... እስከ ንገርኒ።

ደዋሊት፡- ብፍቕሪ ዝሓዝክዎ ዓርኪ እኳ ኣይነበረንን። ሕጂ እውን የብለይን፡ ኣዋልድ መሓዙት ግን ኣለዋኒ፡ እተን መሓዙተይ ኣብ ኮለጅ ምሳይ ዝመሃራ ኣይኮናን፡ መብዛሕትኦን ኣብ ትምህርቲ ዝግደሳ ስለ ዘይኮና ትምህርቲ ዘቋረጻ እየን፡

ኣማኻሪት፡- እዚ ናይ መሓዙትኪ ኣብ ትምህርቲ ዘይምግዳስ ንዓኺ ብኣሉታ ኣይጸለወክን?

ደዋሊት፡- ከመይ ማለት እዩ?

ኣማኣሪት፡- ንስኺ ተምሃሪት ኮለጅ ኢኺ። ኩተጽንዕን ክትመራመርን ኣሎኪ። ነዚ ድማ ብዙሕ ግዜ ክሓተኪ እዩ። መሓዙትኪ ግን ምናልባት ካብ ናትኪ ዝለዓለ ናይ ዕላልን ሻህን ግዜ ክህልወን ይኽእል፡ ነዚ ብኸመይ ትሕዝዮ።

ደዋሊት፡- ቅድም እኳ ኣይሸገርን እየ ነይረ። ናይ ለይቲ ስለ ዘጽንዕ ኣብ ዝኾነ እዋን ምስአን ከዕልል፡ ኩተማ ክወጽእ ይኽእል ነይረ፡ሕጂ ግን ቁሩብ ይሸገር ኣለኹ።

ኣማኻሪት፡- ኣብ ምንታይ ኢኺ ትሸገሪ?

ደዋሊት፡- እቲ መጽናዕቲ እንዳ ኸበደ ይኸይድ ስለ ዘሎ፡ ናይ ለይቲ ጥራሕ ኣይኣኽለንን እዩ ዘሎ።

ኣማኻሪት፡- ምስ ምውሳኽ እቲ ትምህርቲ ናይ ግድን እዩ። መጽናዕቲ ክኸብድን ተወሳኺ ግዜ ከድልየክን። ስለ'ዚ ነዚ ተገንዚብኪ እንታይ ፍታሕ ጌርኪ።

ደዋሊት፡- ቁሩብ ድኣ ከካውኖ ፈቲነ እንድየ፡ ግን ኣብ መንጎ ይደክም። ትኽስ ይብል ከይሸፈንክዎ ድማ ይድቅስ።

ኣማኻሪት፡- እንዳ ተታኸስኪ እትገብርዮ መጽናዕቲ ውጽኢታዊ ስለ ዘይከውን። ኣብ ርእሲኡ ድማ ንኹሉ ክትበጽሕዮ ወይ ክትሸፍንዮ ኢልኪ ብዙሕ ሰዓታት ኣብ ሓደ ለይቲ ከተጥፍኢ ጽቡቕ ኣይኮነን። ክትመቕልዮ ክትክእሊ ኣለኪ፡ ኣብ ሓደ ለይቲ ነታ ነቒሕኪ ከለኺ ጥራሕ ዘጽናዕክዮ ዛዚምኪ ኩተዕርፊ ኣለኪ፡ ንጽባሒቱ ድማ ኣብ'ታ ነጻ ናይ ዕረፍቲ ግዜ ኑቲ ዝተረፈ ትምልእዮ።

ደዋሊት፡- እዚ እንድዩ እቲ ጸገም፡ መብዛሕትኡ እዋን ናይ ምሸት ምስ መሓዙተይ (ደቂ ገዛውተይ ስለ ዝኾና) ንራኸብ ኢና። ኣብ ገዛአን ኮይና ቡን ንሰቲ ነዕልል ስለ ዝኾና፡ ክገድፈን ኣይክእልን እየ።

ኣማኻሪት፡- ትምህርትኺ ድዩ ዝዓብየኪ ወይ'ስ መሓዙትኪ?

ደዋሊት፡- ትምህርተይ ይዓብየኒ እምበር፡ ንመሓዙተይ እውን ክኸስረን ኣይደልይን እየ።

ኣማኻሪት፡- ቀዳምነት ንትምህርትኺ ምሃብ እኳ፡ ንመሓዙትኪ ምኽሳር ማለት ኣይኮነን።

ደዋሊት፡- ብኸመይ እሞ ንመሓዙተይ ከይከሰርኩ ትምህርተይ ክቕጽል ይኽእል።

ኣማኻሪት፡- ቀጻሊ ቡን ትሰትያሉ መዓልታት፡ ንስኺ ብዘለኺ ናይ ትምህርቲ ጸዕቂ ምስአን ክትህልዊ ከም ዘይኮንኪ፡ ኣብ ትርፊ ግዜኺ ጥራሕ ከም ትመጽየን ትሕብርየን።

ደዋሊት፡- ከም'ኡ እንተ ኢለየን ድኣ'ሞ ክጸልኣኒ እንድየን፡ ዝነዓቕክወን ክመስለን እዩ።

ኣማኻሪት፡- ንሓደ ሰብ ምሁር ኩብልዎ ካብ ዝኽእሉ ረቛሒታት ሓደ፡ ኣብ ሕብረተሰቡ ዝጸንሐ ጎዳኢ ባህሊ፡ ክቕይር ትብዓት ምስ ዝህልዎ እዩ። ንስኺ ድማ እዚ ዝጎደለኪ ይመስል። ነዚ ወርቃዊ ግዜኺ መሓዙትኪ ከይጸልኣኸን ውሽጥኺ ዘይቅበሎን ኩነታትኪ ዘይፈቕዶን ነገር ትገብሪ ኣሎኺ፡ ምህርቲ ተባሂልኪ ንመሓዙትኪ ብጽቡቕ ኣብ ክንዲ ትጸልውየን፡ ንሳተን ጸልየናኺ፡ ካብ ደለኸየን መሓዙትኪ ካብ ኮና (እምበር ዝያዳ እኳ ምስ መወዳድርትኺ ክትመሓዘዊ'ዩ ዝግባእ ነይሩ) ንዕአን እውን በብቑሩብ ግዚኤን ክጥቀማሉ ከም ዘለወን ክትሕብርየን ኣሎኪ። እንተ'ቲ ናትኪ ጉዳይ ግን ምስአን ትራኸብሉ ናይ ቡን እዋን ብመደብ ከም ዝኹን እንተ ድኣ ሓቢርክየን፡ ክጸልዋኺ ዘይኮና ከኽብራኺ እየን። ኣብ ዝኾነ እዋን ብቕሊሉ ትርከቢ ሰብ ከም ዘይኮንኪ ክፈልጣ እየን፡ ኣብ መወዳእታ ክብለኪ ዝደሊ ግን እገሊት ፈትያትኒ ጸሊኣቱኒ ዘይኮንኪ ክትብሊ ዘለኪ እምነትኪ ኣብ ገዛእ ርእስኺ ክኸውን ኣለዎ፡ ርእሰ ምትእምማንኪ ክብ ከተብሊ ኣሎኪ፡ ዕዉቲ ምስ ኮንኪ ዝምድናታትኪ ባዕሉ ስሩዕ ቅርጹ ብምሓዝ ብኸም'ቲ ትደልዮ ኣንፈት ክውደነልኪ ይኽእል እዩ።

ደዋሊት፡- ስለ'ቲ ዝሃብክኒ ሓጋዚ ምኽሪ ብጣዕሚ የመስግን፡ የቐንየለይ፡

# ተኸታሊ ክታም

መበል 33 ክፋል



ብንያም ፍስሃጽዮን

**ተኸታሊ ክተማ፡ ኣብ 2004 ሃገራዊ ብሰም ዋሪ ፕሮዳክሽን ኣብ ዝተዳለወ ናይ ፊልም ጽሑፋት(script) ውድድር፡ ካብ ዘሎ ብዙሕ ኣርእስቲ ቀዳመይቲ ዝወጸት ስራሕ'ያ።**

"እንቲ ሰበይቲ፡ እንታይ ኢኺ ሰላም ዘይትህብና?" ፋትኤል ናይ ኣደኡ ዘረባ ስለ ዘይተዋሕጠሉ ብሰምዒት ኣንጸርጸረ። "ካብኺ ንላዕሊ ኣነ ተጨኒቐ ኣለኹ። ግና እንታይ ከም ዝረኽቦ ኣይፈለጥኩን። ሓደጋ ወሪድዎ ምስ ሰማዕኩ ጥራይ'የ ክጽሕፍ ከይደ" በለ ንዝቐረበሉ ሕቶ ክምልስ ደስ ዘይበሎ ዝመስል ፋትኤል።

"እሞ ኣይትዋገረኒ ዲኻ? ናይ ቅድም ጌጋና እንታይ ትርጉም ከም ዘተዋህቦ እናፈለጥካ! በሊ ሕጂውን ክጽሕፍ ተላይ ወሰዶኒ።" ወ/ሮ ታቦቱ ሽዑ'ያ ሳምራዊ ሓደጋ ከም ዘጋጠሞ ትሰምዕ ነይራ። "እንታይ ጸገም ደብዘል ኣንታ እዚ? እንታይ ጸገም'ዩ ዝወርዶም ዘሎ እዚም ገዛ? ጸገም ይጸገም ኩይኑ በቃ!" ኣስተንተነት።

"ሕጂ ኣየእትዉን'የም ኣደ፤ ጸባሕ ፋዱስ ግና ተቐሪበ ጸንሒ ብሓበር ክንጽሕፍ።" ርእሱ ሐዚ ደገ። ኣብ ቤት ምስ ወላዲቱ'ዩ ነይሩ። ብዛዕባ ጉዳዩ ክዛራረብ ናብ እንዳ ሳምራዊ ምስ ከደ'ዩ ኣብ ልዕሊ ሳምራዊ ዝወረደ ሓደጋ ተነገርዎ።

"ቁሩብ እንታይ ኩይኑ ደብዘል?"

"እንታይ'ሞ ፈሊጠ ኣቲ ኣደ? ግና ከምቲ ዝሰማዕክዎ እቶም ምሸት ምድሪ ዝወሰድዎ ሰባት ካብ ኣሃድኡ ዝተላእኩ ምኻኖም'ዩ ዝወረ ዘሎ። ከም ግምተይ እንተኾይኑ ድማ ሐዞም እናኸዱ ክሃድም ሓሲቡ'ሎ ንሱ'ዩም ድማ ተኩሶሙሉ ይኾኑ።"

"ሱቕ ኢሎም ደዮም ዝትኩሱ? ደቂ ኣሃድኡ ምስኦም ኣብ ወፅዱን ዝሐልን ይጥበስ ከም ዘይነበረ ተኩሶም ክቐትልዎ! ኣንታ ብጃዋምዶ ኣይኮነን? ኣብ ኩናት ዝጠፍኡ ዘይኣኽሉና። ንሕድሕድካ ክትቀታተልከ እንታይ ኣምጽኦ?" ኢደን ጠሚረን ኣስተንተና።

"ኣቲ ኣደ ግምተይ'የ ዝዛረብ ዘለኹ'ምበር ከምኡ ደዩ ኣይኮነን ዝፈልጦ የብለይን። መልቲ ኣሕሊፉ ከም ዝበረ ግና ሰበይቱ ኣረጋጊጻትለይ'ያ። ኣብ ቤቱ መጺኦም ድማ'የም ወሲዶምዎ። ሐዞሙኻ እናኸዱ ካብ ኢዶም እንተሃዲምካ ከኣ ሕጊ ትጥሕስ ስለ ዘለኻ ክትክኩሰካ ግድን'ዩ። ወተሃደራት እኳ'የም ኣደ። ወተሃደር ድማ ዝተዋህቦ'ዩ ዝዕብር - ተኩስ እንተተባሂሉ ይትኩስ ግደፍ እንተተባሂሉ ይገድፍ።"

"ንሱኸ ሕጊ ይፈልጥ እንተኾይኑ ስለምንታይ ይሃድም? ብረት ካብ ዝሓዘ ሰብዶ ይህደም'ዩ ኣንታ ወደይ? እንታይ ዝበልዎ ጸገም'ዩ እዚ? ኣምላኽ ይምሓሮ'ምበር ኩልፍ እንተኢሉስ መን'ዩ ክሕተተሉ?"

"እቶም ዝተኩስሉ ይሕተቱ! ህይወት ሰብ ኣጥፊእካ ደኣ ናበይ ክትከይድ?"

***

ኣቡቲ ግር ዝፍኖ ዝበረ መዚቃ ንእዝዚ ዘደንቀር'ዩ። ዓማዊል ናይቲ ግር ማሰተ ክስትዩ ጥራይ ዘይኮኑ እንተላይ ኣእዛኖም ክድንቁሩ ዝተፈርዱ'ዮም ዝመስሉ። ኣብ መንገ'ቲ ብርቱዕ ድምጺ እናዝረት ንኡስሲ ወከፍ ዓማዊላ ሰላምታ ትልግስ ኣልማዝ ናይቲ ምሸት ንግስቲ ኩይና ኳዕዘን ትብል ነበረት። ኣብ ቀዳመ ሰንበት ንመልክዓ ዘድምቐን ኩኾብ መሲላ ከም ትረአ ዝጉበር ልብሰን ኣዋርቐን'ያ ተኸደኑ። ንጥዑይን ሰኽራንን ንኹሉ ክትጻወር ዓቕሚ ስለ ዘለዋ ድማ፡ ብዓማዊላ 'ኣልማዝ ክብርቲ ዕንቁ' እናተባህለት'ያ ትጽዋዕ።

ኣብታ ምሸት ብሰላምታ ኣልማዝ ዘይተማሰጠ ሰብ እንተነይሩ ነጥሪ ጥራይ'ዩ። ንፈለማ እዋን'ዩ ከምኡ ሰምዒት ዘንጸብርቐ ዝበረ። ኣልማዝ ግና እትው ክትብል እንከላ ብቑንጅናኣ ዝዕብድ ዝበረ ነጥሪ ኣብታ ምሸት ብጓል ዝጸደፍ ስምዒቱ ብሕርቃን ሞይቱ ነበረ። ኣብ ማሰተ ሕንሕነ ዝበሮ ክመስል ድማ ብዘይንሕሲያ ንኣልኮል ይሕንፍፍ ነበረ። ሳምራዊ ብህይወት ምድሓኑ ዝሕዞን ዝጭብጦን ጠፊእዎ ነበረ።

ነጥሪ ኣብ ቅድሚኡ ንዝበረ ኣቶ ዘርእዝጊ ኣፍጢጡ እናጠመተ ደጋጊሙ ርእሱ ነቕነቐ። ኣብ ልዕሊ ፋትኤል ዘይከነ ግና ኣብ ልዕሊ ዳዊት'ዩ ዝሕንሕን ዝበረ። 'እዚ ንልኡኹ ልኡኽ ሓለፍ ዝጉበር ዳዊት ተጻዊቱለይ!" ሓሰበ ብልቡ።

"እንታይ ደኣ ንኣልማዝ ዘይተገደሰካላ?" ኣብ መንገ ሓሳቡ ተጻንበሩ ኣቶ ዘርእዝጊ ኣድመጹ። "ኣየስተብሃልካላን'ምበር ጸቡቕ ኣይተሰምዓንን።"

"መን'ያ?" በለ ነጥሪ ልዕሊ'ቲ ዝፍኖ ዝበረ መዚቃ ድምጹ ኣበሪኹ። ኣቶ ዘርእዝጊ ተቐጢዑ ከም ዝበረ ምስ ኣስተብሃለ ግብረ መልሲ ክይሓሰበ ናብቲ ዝሰትዮ ዝበረ ጁን ኣድሃበ።

"ደቀንስትዮ እንተኾረኻዮን'የን ክከናኸናኻ መደብ ዘወጽኣ። ሓደ ሓደ ግዜ ኩራ መዝበቺ ፍቕሪ'ዩ። እንታይ ጸቡቕ ረኺብ ደኣለይ ሰላም ክበላ? ኣቶ ዘርእዝጊ፡ እንታይ መርድእ ሒዝካለይ ከም ዝመጻእካ ረሲዕካዮ ዲኻ?"

"ደሓን'ዩ ነጥሪ ዓርከይ! ኣምላኽ ኣለኺ ዝበላ ትንፋስ ትጻናሕ'ያ። ከምኡ ስለ ዝኾነ'ዩ እዚ ወዲ ሰራሑ ዘሎ። ዝኾነ ኩይኑ ሕጂ ንዓኡ ረሲዕና ንተሓጎስ!"

"ኣምላኽ ጸንሒ ዝበላ ትንፋስ ኣልካያ!" ኣቢጨወ። "ንሞት ባዕሉ ዝፈጠረ ኣምላኽ ጸንሒ ዝበላ ትንፋስ ይህልዎ ትብሎ?" ሰሓቐ። "ብዝኾነ ስራሑ ትብል ቃልካ ደስ ኣይበለትንን። ክሳብ ሕጂ ብኣካሰኽን የስተንፍስ ምህላዉ'ዩ ዘሕ ሓቢሬታ። ንስኻ ድማ ርእዮ ኢልካ ነይሩ። እሸ ክዩጋዝካ ሃለዋቱ ሓብረኒ።"

ኣቶ ዘርእዝጊ ከም ዝሓሰበ ግዜ ወሰደ። "ሎሚ ከም ዘረጋገጽክዎ ኣክስጅን ኣይነበሮን። ግና ክዛረብ ይኹን ሰብ ከለለ ኣይከኣለን ዘሎ።"

"ክሰርር የብሉን ዘርእዝጊ! ኣነ ሓንሳብ ኢደይ እንተልዒለ ክመልሶ ዘይደሊ ህልኸኛ ሰብ'የ። ኣብ ዘለዎ ንምቕባጹ እንታይ ተኸኢሉ ኣሎ? ብቐልጡፍ እዚ ኣጸግዓለይ። ሰብ እንተኾንካ ሰብ ምኻን ሰይጣን ካብ ኩንካ ድማ እቲ ናይ ብሓቂ ሰይጣን ክትከውን ኣለካ። ንዓለም ካብ መልኣኽቲ ንላዕሊ ዘመሓድርዋ ሰይጣውንቲ ይበዝሑ። ካብ ቢላዴን ንላዕሊ ሰይጣን ኣሎ ዶዩ?"

"ኣንታ ነጥሪ!" ሰንበደ ኣቶ ዘርእዝጊ። ጭካኔ ናይ ነጥሪ መመሊሱ ሰብኣውነቱ ስለ ዝተዓጸፈ ክቃወም ተገደደ። "እዚ ወዲ ኣምላኽ ክመውት ካብ ዘይደለዮ ንስኻ ክትቀትሎ ኣይትኽእልን ኢኻ።

"መን ኢሉካ? እዚ ፈጣሪ ገለ ዝበል ዘረባ ኔዉ ዘይትብሎ ዘርእዝጊ። ከመይ ገይርካ ንስኻ ብዛዕባ ፈጣሪ ትዛረብ። ዓለም ኣብ ሓደ ወገን ዝኣምኑ ሰባት ከም ዘይድልይዋ ከመይ ኢልካ ትዝንግዖ! ኣብ ክልተ ዓለም ኣይንነበርን'ዩ። ንስኻ ድማ ሕማቕ ክትገብር እናወዓልካ ብስም ጥራይ ኣምላኽ እናልዓልካ ኣይትላገጸሉ። ኣጸግዓለይ እብለካ ኣለኹ ኣጸግዓለይ!"

"ነጥሪ ዘይከውን ኢኻ ትዛረብ ዘለኻ። ኣነ እዚ ትብሎ ዘለኻ ፈጺመ ኣይፍጽሞን'የ።" ደፈረ ኣቶ ዘርእዝጊ። ማሰተ እንተሰትዩ ዝሰምዖ ሓገሰን ሓይልን መውዓደርቲ የብሉን። ከምኡ ስለ ዝኾነ ባዕሉ'ዉን 'ኣነ እንተሰትየ ፈታዊ የብለይን' እዩ ዝብል።

"ኣቶ ዘርእዝጊ፡ እንተሰቲኻ መቸም ዘፋን ናይ ንገሰዉን ትመጣጠር ሰብ እንዲኻ ደሓን ድሕሪ መስተ ጥራይ ይኹኑልና።" ሽለል ክበሎ ደለዩ።

***

ሳምራዊ ንፈለማ እዋን ብሰንባደ ብር ኢሉ ከብበኡ ጠመተ። ከወታ ለይቲ'ዩ ነይሩ። ሓሞቱ ኣብታ ዝቕመጣላ ሰድያ ቀም ኣቢለን ብምንባረን ኣየስተብሃላሉን። እቲ ለይቲ ንጓለን ከበርያ ንሰን'የን ሓዲረን።

ሳምራዊ ኣዒንቱ ናብ ኩሉ ኣንፈት ኣንከባለለን። ዘጨንቑ ሓሳባት ከም ማዕበል ባሕሪ ናብ ኣእምሮኡ ክፈሱ ይፍለጦ ነበረ። ዘይምልሶም ሕቶታት ኣብ ርእሱ እናተጨርሑ ዓቕሉ ኣጸበበሉ። ኣዒንቱ ኣብቲ ጸዕዳ ዝሕብሩ መንደቕ ተተኺለን መልሲ ዘናድያ ይመስላ ነበራ። 'ኣበይ'የ ዘለኹ?' ንፈለማ እዋን ሰብ ዝሓቶ ሕቶ ናብ ኣእምሮኡ መጸ። ግና መልሲ ዝህብ ኣእምሮኡ ኣበይ ከም ዘሎ ክሕብሮ ኣይከኣለን። "እዉይ! በስመኣብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ!" ኣደ ብርኩታ፡ ሰብኣይ ጓላ ንፈለማ እዋን ኣብ ዓራት ተኾዲሙ ምስ ረኣየት ንኣምላኻ ኣመስጊና እናሰገደት ቀረበቶ። "ሳምራዊ ደሓን ዲኻ? እዋይ ኣምላኽ ጥዑም! እንታ ሳምራዊ እምበኣር ክትሓዊ ኢኻ!" እቲ ዝረኣየቶ ኣገዳ ኣተባበዮ። ሰብኣይ ጓላ ከምኡ ኩይኑ ክትርእዮ ብቐለሉ ዝኣመን ኣይኮነላን።

"ኣበይ ኣለኹ? መን ኢኺ ንስኺ? ሞይተ ደየ ብህይወት ኣለኹ?"

"በስመኣብ በል ሳምራዊ! በስመኣብ በል ኣይሞትካን!" ዓይኑ ዓይኑ እናጠመተት ከተጸናንዖ ፈተነት።

"እንታይ ክንብሩ ደኣሎም ቀባሮ ዝእከቡ ዘለዉ? ኣይሞተን እብ በልየም! ዝሞትኩ መሲልዎም ብህይወት እንከለኹ ከይቀብሩኒ ሕጂ ኬድኪ ሓብርዮም።"

"ኣውይ ኣነ! ነርስ ነርስ!" ኣደ ብርኩታ ናይ ሳምራዊ ኣዘራርባ ናይ ጥዕና ኩይኑ ስለ ዘይተሰምዓ ሓኪም ክትጸውዕ ካብ ዝበረቶ ክፍሊ ብጉያ ወጸት።

***

መርማሪ ፖሊስ ያሬድ ኣብ ቆጸርኡ መጺኡ ሓበሬታ ትህቦ ንዝበረት ብርኩታ ኣብ መዝጉብ ድሕሪ ምስፋር ቅንዕ ኢሉ ጠመታ። "እቶም ንበዓል ቤትኪ መጺኦም ዝወሰድዎ ሰባት፡ ደቂ ኣሃድኡ ምኻኖም ዲኺ ትፈልጢ ንሱ ዝበለኪ'ዩ?"

"ኣነ ካብ ቤት ኣይወጻእኩን። ንሱ'ዩ ደቂ ኣሃደይ'ዮም ኢሉኒ" መለሰት ብርኩታ ናብታ ኣብ ልዕሊ በዓል ቤታ ሓደጋ ዘምጽኣት ለይቲ እናተመልሰት።

"በዓል ቤትኪ ግና ደቂ ኣሃድኡ ምኻኖም ኣጸቢቑ ይፈልጥ ነይሩ'ዩ።"

"እወ ብልክዕ! ምኽንያቱ ኣይትሻቐሊ ደቂ ኣሃደይ'ዮም ኢሉኒ'ዩ።"

"ኣብ ኣሃድኡ ዝጸብእዎ ሰባት ወይ ዝኾነ ጸገም ዝነበርሉ ዘዕለልኪ ኣሎ ደዩ?"

"ሓደ እዋን ዕረፍቲ ምስ መጸ ደንገዩ ንኣሃዱኡ ስለ ዝተመልሰ ከም ዝተቐጽዐ እንተዘይኩይኑ ካልእ ዝኾነ ጸገም ኣጋጢሙኒ ክብል ሰሚዐዮ ኣይፈልጥን'የ።" ኢላ ትፈልጣ ሓበረት።

"ካልኦት ትጥርጥርዎም ጸላእቲ ኣለዉኹም ደዮም?"

"እዋእ ጸላእቲ ክንብሎም'ኳ ዘደፍር ኣይኮነን። ግና በዓል ቤተይ ቅድሚ ክተት ገንዘብ ዘለቅሖ ሰምኦን ዝበሃል ሰብ ኣሎ። ዝተለቅሖ ገንዘብ ስለ ዘይመለሰልና ምስ ሳምራዊ ብተደጋጋሚ ዘየሰማምዖም ጉዳይ'ዩ ዘሎ። ኣብዚ ቀረባ እዋን ወድና ብሓደጋ ማኪና ዝቐተሉ ሰድራ'ውን ኣለዉ። ቀታሊ ወድና ፋትኤል ይብሃል። ምስኦም'ውን ኣብ ናይ ካሕሳ ጉዳይ ዛጊት ኣይተሰማማዕናን ዘለና።"

ይቕጽል



# ካብ ዝግ ትን

ጆ/ሜ ደጀን ተኽለ

## ሳድና፣ ቀንድን ኣገዳሲትን መንፈስ ኤስኪሞ



ኤስኪሞውያንኣብዝተፈላለዩመናፍስቲ ዝምልኹ ህዝቢ'ዮም። ገለ ካብቶም ዝምልኽዎም መንፈስ ንፋስ (wind)፡ መንፈስ ክሊማ (weather)፡ መንፈስ ጸሓይ (sun)፡ መንፈስ ወርሒ (moon) ካልኦትን ክጥቀሱ ይኽእሉ። እታ ቀንዲ ኣገዳሲት መንፈስ ዝብልዋ 'ሳድና' እትብሃል መንፈስ ባሕሪ'ያ። ከም እምነቶ ኤስኪሞውያን፡ 'ሳድና' ኣብ ትሕቲ ወቕያኖስ እትነብር ንኹሉም ኣብ ማያት ዝነብሩ ፍጡራት ትቆጻጸሮ'ያ። ኤስኪሞውያን ንሳድና እንተዘይተማሕዚሎማ ንኹሎም ኣብ ማያት ዝነብሩ ፍጡራት ከተጸንቶም ዓቕሚ ኣለዋ ኢሎም ይኣምኑ። ከም ሳዕቤኑ ንዓኣ ዘኽተልዎ ሕጊ ኣለዎም። ናይ ዝቖተልዎ ፍሕኛ ይዕቅብዎ። ኣብ ፍሉይ ዓመታት ጸንበሎም ኑቶም ፍሕኛታት ናብ ባሕሪ ይሰንድውዎም።

ኣብ ስነስርዓት ቀብሪ ዘኽተልዎ ኣገባብ'ውን ዝተፈልየ'ዩ። ነቲ ሬሳ ብቑርበት ኣንበሳ ይጥቕልልዎ። ነቲ በረዳዊ መሬቶም ፍሒሮም ብእምኒ የኽብብዎ። ምስቲ ሬሳ ዝተፈላለዩ መሳርሒታት ኣቑሑትን ይቐብሩ። ኣብታ መጻኢት ዓለም ክጥቀምሉ ብምእማን።

ኣብ ማሕበረሰብ ኤስኪሞ ምስቶም መናፍስቲ ዘራኽብ ሓደ ሰብ ይመርጹ። ነቲ ዝመረጽዎ 'ኣንጋኮክ' ይብልዎ። 'ኣንጋኮክ' ንሕማም ክፍውሱ፡ ጸቡቕ ዕድል፡ ክሊማ ከምኡ'ውን ንህዝቡ ዘሐጉስ ነገራት ከምጽእ ትጽቢት ይግበረሉ።

ኤስኪሞውያን ኣመናዊዮም ምዘናጋዕ (Recreation) ዝፈትዉ። ብፍላይ ኣብ ወቕቲ ሓጋይ፡ ለይቲ እምብዛ ነዊሕ ስለዝኾነ መብዝሕትኡ ግዜ ኣብ ኣብይቶም ከሕልፍዎ ይቕሰቡ። እቶም ደቂ ተባዕትዮ፡ ቅልስ (Wrestling)፡ ብጠመድ ምጉታት (Tug of war) ካልኦት ንጥንካረ ዝፈታተኑ ጸወታታት የዘውትሩ። ብዘይካ'ዚ ምዝዋር (ምድራፍ) ከምኡ'ውን ብዙሓ ኣፈታሪኽ ጀጋኑኦም (ሓርበኛታቶም) ምዝንታው ባህታ ይፈጥረሎም።

ምንጪ፦ encyclopedia

## ጭንቀት ንምውጋድ ዝሕግዙ ነጥብታት

ሕገሰ ህይወት ንምምራሕ ዘይምነ ሰብ የለን። ምኽንያቱ ሰብ ሓገሰ ምንጪ ኹሉ ዕብየትን ቀሳትን ስለዝኾነ። ሓገሰ ዝውንን ወልቀሰብ ወይ'ውን ስድራ ቤት ኣብ ዓለም ዝገጥሞ ማሰናኽል ከይተሰናበደን ከይተይተዓንቀፈን ህይወቱ ንምምራሕ ዘለዎ ዕድል ልዑል'ዩ። ይኹን'ምበር ኣብዚ ዘለናዮ እዋን ጭንቀት ሓደ ካብቶም ንዓለምና ኣናዊጾማ ዘለው ዓበይቲ ጸገማት ምኳኖ'ዩ ብክኢላት ሕክምና ዝግለጽ።

ጭንቀት ዕድመን ጾታን ከይፈለየ፡ ኣብ ደቂ ሰባት ዓቢ ሃሰያ ብምውራድ፤ ኣሸጋሪ ኩነት-ኣእምሮ እናፈጠረ ንብዙሓት ኣብ ዘይተደልየ ዝቐትን ሞትን ከብጽሕ ዝኽእል ሓይሊ'ዩ። ብጭንቀት ዝተመልአ ሰብ፡ ኩሉ ነገር ከምዝሓሰቦ ከምዝደልዮን ክኸውን ስለዝደሊ፡ በዓህቲ ነገራት ምስ ዝቖልቀልዎ ከም ኣመጻጽኦም ዘይኩኑ ከም ዊንታኡ ገይሩ ክፈትሖም ስለዝፍትን፡ ናብ ዝተፈላለየን ረጽምን ክሳራን ክኣቱ ይግደድ።

እንግሊዛዊ ክኢላ ስነኣእምሮ ሞሬ፡ ንጭንቀት ምስ ኑብሰኻ ዘይምትእስሳር፡ ኑብሰኻ ናይ ምቁጽጻር ክእለት እንተድኣ ሃልዩካ ናይ ጸቕጢ ተኽእሎ የብልካን ዝብል ኣረኣእያ ኣለዎ።

ካብ ጭንቀት ንምግልጋል ዝጠቕሙና ነጥብታት፤

ሕሉፍ ኣወግድ - ጉዕዞ ህይወት ብዙሕ ሓርጎጽጎጽን ውረድ ደይብን ዝመልአ'ዩ። ስለዝኾነ'ዩ ኹኣ ሓጎስን ሓዘንን ክፈራረቑና ዝርአ። እንተ'ኾነ ሰባት ነቲ ሓገሰ ሓጎሰብ ኣስተማቓርም ብምሕላፍ፡ ምልእ ግዜኦም ነቲ ገጢምዎም ዝበረ ሓዘን ስለ ዘስተንትኑ ብቐሊሉ ናብ ታኹላ ጭንቀት ይሽመሙ። ስለዚ ሓዘን ይኹን ሓገሰ ኣብ እዋኑ ምስትምቓር ብልሒ'ዩ።

ንመጻኢ ተልም - ናበይ ከም እትኸይድን ናብ ዕላማኻ ብኸመይ ከም እትበጽሕን ምፍላጥ ልቦና'ዩ። ቀድሚ ምብጋዕካን ምውሳንካን ክትትኩኖን ክትረኽቦን እትደልዮ ትልሚ ምስ ዝህልወካ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ብመደብ ንኽትከይድ ዘኽእለካ፡ ኣብ ፈታኒ እዋን ምስ በጻሕካ ውሽጥኻ ነቲ ገጢሙካ ዘሎ ጭንቀት ክጻወሮን ክሰግሮን ስለዝጸግሞ፡ ካብ ዘይተደልዩን ዘርብሑን ውሳኔታት ምውሳድ ይገትኣካ። ስለዚ መጻኢ'ኻ ብሩህን ትሰፍውን ንምግባር፤ ንኣብሰኻ ብዘውጻእኻዮ መደብ ንኽትከይድ ኣለማምዶ።

ንሕልምታትካ ክትጭብጥ ከም እትኽእል እመን - ከም ሰብ መጠን ክትሓልም ንቡር'ዩ። እንተ'ኾነ እቲ ትሓልሞ ክትገብሮ ትኽእል ምስ ዝኸውን'ዩ ዝያዳ ተመራጺ ዝኸውን። ንሓደ ነገር ክትገብሮ ዘይትኽእል እንተ'ኼንካ ክትሓስቦ'ውን የብልካን። እቲ ምንታይ ፋይዳኡ ምብሶጊው ስለዝኾነ። ስለዚ ካብቶም ካብ ዓቕሞም ንላዕሊ ብሰንኪ ምሕሳቦም ኣብ ዘይተደልየ ጭንቀትን ገበንን ዝኣተው ሰባት ተማሂርካ፡ ወትሩ ንዓቕምኻን ኣብዚ እዋንዚ ክትገብሮ እትኽእልን ጥራይ ክትሓልም ሃቅን።

ብመንነትካ ተሓበን - ኩሉ ሰብ ብሉጽ ፍጥረት'ዩ። ብእኡ መጠን ከኣ ኹቱ ኑብሰ ክብሪ ይውንን። ዕላማን ተግባርን'ውን ምስ ክብርኻ ተመሳሪሩ ዝኸይድ መግለጺ መንነትካ'ዩ። ገለ ሰባት ንምንታይ እኑበር ኣለኹ እናበሉ ንውሽጦም ክሓቱ ድሕሪ ምጅማሮም፡ ብኡ ንብኡ ናብ ዓዘቕቲ ጭንቀት ክኣትው ይረኣዩ። ንሽኻ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ብመንነትካ ክትሕበንን ክትሕጎስን ምስ እትኽእል፡ ካብ ጭንቀት ናጻ ናይ ምሃን ዕድልካ ርሒብ'ዩ።

ነገራት ከም መሐለውታ ከተቐምጥ ፈትን - ሰእኑት ሓደ ካብቶም ቀንዶት ጠንቅታት ጭንቀት ምኻኑ ሰብ ሞያ ናይቲ ዓውዲ ዝሰማምዕሉ ነጥቢ'ዩ። ገንዘብ ካልእ ኣድላይቲ ነገራትን በብእዋኑ ብዘይሃሲ መገዲ ብምቑጣብ፡ ካብቲ ዕድመ ድሕሪ ምድፋእካ ክገጥመካ ዝኽእል ጭንቀት ፈተነ ክትገላገል ፈትን። ይወሓድ ይብዛሕ ገንዘብ ከም መሐለውታ ሒዝካ ምጽናሕ፡ ንህይወትካ ውሑስ ኣብ ምግባር ዝጻወቶ ተራ ልዑል'ዩ።

ምስ ህልው ተጓዓዝ - ንዝሓለፉ ጸገማትካ ሓንሳብን ንሓዋሩን ረሲዕካ ንመጻኢ ምስ ተለምካ ዝተርፈካ ነገር እንተሎ፡ ብዝዕባ ሎሚ ምሕሳብ ጥራይ'ዩ። ይኹን'ምበር ነዚ ዝትግበሩ ሰባት ኣዝዮም ውሑዳት'ዮም። ብዛዕባ ሎሚ ትሓስበን ትዝረብን እንተ'ኼንካ፡ ካብቲ ብሰንኪ ሕሉፍን መጻኢን ብምሕሳብካ ክወርደካ ዝኽእል ጸቕጢ ኣእምሮ ከም ዘካዕሎካ ፈሊጥካ ብዝዮንእ ስርሓሉ።

ካብ ተመጻዋትነት ውጻእ - ሰብ ብርሃጹ ክነብር ከም እተፈጥረ ዘክር። ተጸባይነት ሓደ ካብቶም ኣብ ሞንጎ ደቂሰብ ንዘሎ ሕውነት ዘህስሱ ነገራት'ዩ። ንነብሰኻ ባዕልኻ ከተመሓድራን ከተነብራን ምስ እትኽእል፡ ነቲ ዝገጥመካ ሓሳረ መከራ ናይ መጀመርያ ኣስተማቓሪኡ ትኸውን። ኣብ ርእሲ'ዚ ንደረጃ ርእሱምትእምማንካ ስለዘምዕብሎ፡ ናብ ጭንቀት ናይ ምእታው ዕድልካ ተጽብብ። ስለዚ ኩሉ ግዜ ብነብሰኻ ክትነብር ፈትን።

ወትሩ ነብሰኻ ንምምዕባል ጸዓር - ኣብ ምድሪ ክሳብ ዘለኻ፡ ዓቕምኻ ዝፈቕዶ ግዜኻ ኣብ ስራሕ ኣሕልፎ። በብመዓልቱ ንነብሰኻ ምስ እዋን ተመዓራርያ ክትጓዓዝ ምእንቲ፡ ወግሐ ጸብሐ ካብ ምምሃርን ምምዕባልን ዓዲ ኣይትውዓል። ብኹሉ መማዝነታት ብቑዕን ብሉጽን ኴንካ ምእንቲ ክትቀርብ ቐረጽካ ተበገስ። ብዙሕ ሰዓታት ብስራሕን ትምህርታን ጽሙድ ብምኻንካ ዝስዕበካ ጸቕጢ'ኳ እንተሃለወ፡ ንግዜኡ ጥራይ ምኻኑ ክትፈልጥ ይግባእ።

ምንጪ፦ Hindu Websit



## ንብዓትን መበገሲኡን

ደቂ ሰብ ገሲ ገሲ ዘሩብኦም፡ ዝተፈላለዩ ምልክታት ተጠቒሞም ሃንሕድሕዶም ክረዳድኡ ይፍትኑ። ናይ ኢድ ምንቅስቓስ፡ ናይ ርእሲ ምንቕናቕ፡ ከምኡ'ውን ናይ ዓይኒ ምቅይያር ... ወዘተ። በዒንትና ብዙሕ ክንገልጽ ንኽእል ኢና። ሓደ ካውኡ ብምንባዕ'ዩ። መብዝሕትኡ ግዜ ሰባት ፍቕርም፡ ሓገሶም፡ ሓዘኖምን ንምግላጽ ክነብዑ ይረኣዩ። ምኽንያቱ ንብዓት ሓያል መግለጺ ውሽጣዊ ስምዒት ስለዝኾነ።

ንብዓት 'ላክሪማል' ናይ ዝተባህሉ ጸኸታት ነዚ'ዩ። ኣብ ዓይንና ክህሉ ዝኽእል ጉፈል ድማ ይሓጽበልና። ኣብ ኣፍሲ-ወከፍ ዓይንና ሓንቲ ናይ 'ላክሪማል' ጸኪ ኣላ። ሰም ኣብ እንብለሉ እዋን ከኣ እቶም ጸኽታት ፋሳሲ ክዝዘው ይጅምሩ - ንብዓት። ሓደ ሰብ ፍሉይ ስምዒት ማለት ብርቱዕ ሕርቃን ወይ ጓሂ ምስ ዝስምዖ፡ ኣብ ከባቢ ጸኽታት 'ላክሪማል' ዘሎ ጭዋዳታት ይጭብጦ'ሞ፡ እቲ ናይ ንብዓት ፈሳሲ ብዝያዳ ክውሕዝ ይጅምር። እቲ ሰብ ብልቡ እንተሰሓቐ ድማ በዚ ዝተጠቕሰ ተመሳሳሊ ኣገባብ ክነብዕ ደርኡ።

ብዘይካ'ቲ ካብ ዓይንና ወጺኡ ንግዳም ዝፈሰሰ እቲ ኣብ ዓይንና ዝተርፍ ንብዓት ናብ'ቶም ናብ ኩርናዕ ጽምዲ ዓይንና ዝርከቡ ክልተ ሻንበቆታት 'ላክሪማል' ይምለሱ። ብድሕሪኡ ብኸረጺት 'ላክሪማል' ሓሊፉ ናብ ሻንበቆ ኣፍንጫ ይኸይድ። በዚ'ዩ ድማ ኣብ እንበዓሉ እዋን ካብ ኣፍንጫና ብዙሕ ጸረርታ ክወጽእ ዝርአ።

ምንጪ፦ Book of science



## ማርስ፣ እታ ቀያሕ ፕላኔት

ማርስ፡ እታ እኹ ኣብ መሬት ኳንካ ዝቦና ብንጹር ክርአ ዝኽእል ፕላኔት'ያ። ሕብራ ቀይሕ ብምኻኑ፡ ቀያሕ ፕላኔት'ውን ተባሂላ ትጽዋዕ'ያ። ፕላኔት ማርስ ድሕሪ መሬት፡ ካብ ጸሓይ ኣብ ራብዓይ ደረጃ ትርከብ። ኣብ ፕላኔት ማርስ ወቕያኖስ ይኹን ባሕሪ የለን። ብእሳተጎመራ ዝተፋሕሩ ሓያሎ ጎዳጉዲ ግን ኣለው። እቲ ዝዓበየ ኣብ ማርስ ዝተኸሰተ እሳተጎመራ ክንዲ ክልተ ዕጽፊ እምባ ኤቨረስት ብራኽ ኣለዎ።

ፕላኔት ማርስ ሓደ ዕስራት ናይ መሬት'ዩ ክብደታ። ማርስ ካብ መሬት ዝፎኽሰ ክብደት ስለዘለዋ፡ መጠን ስሕበት'ታ ፕላኔት ካብ መሬት ብሸሞንተ ዕጽፊ ይዛይድ። ኣብ ዙርያ ፕላኔት ማርስ ዝዞራ ክልተ ሳተላይት ኣለዋ። እታ ናብ ማርስ ዝቐረበትን ዝዓበየትን ሳተላይት 'ፎቦስ' እትብሃል ኮይና፡ ካብ ማእከል ማርስ ናይ 9,330 ኪ.ሜትር ርሕቀትን ናይ 23 ኪ.ሜትር ሰንጣቒትን ኣለዋ። ሓንሳብ ንማርስ ክትዞራ ሸውዓተ ሰዓትን ፈረቓን የድልያ። 'ዳይሞንስ' እታ ዝነኣሰት ሳተላይት ኮይና፡ ካብ ማእከል ማርስ 23,500 ኪ.ሜትር ርሒቓ ትርከብ። ኣብ ልዕሊ ማርስ ሓንሳብ ክትዘውር ከኣ 30 ሰዓታት ይወስደላ። ሰንጣቒታ ድማ 10 ኪ.ሜትር እዩ። ነዘን ክልተ ሳተላይት ኣብ 1977 ዝረኸበን ኣመሪካዊ ተመራማሪ ሰኑ ኩኾብ ኣሰፋሃል'ዩ።

ኩነታት ኣየር ማርስ ዝተፈላለየ'ዩ። ካብ ኩነታት ኣየር መሬት ግን ዝሑል'ዩ። ኣብ ግዜ መዓልቲ ኣሉታ 23 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ፡ ኣብ ግዜ ለይቲ ድማ ክሳብ 101 ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ይበጽሕ። ኩነታት ኣየር ማርስ ሳሕቲ ካብ ዜሮ ዲግሪ ሰንቲ ግሬድ ይዛይድ'ዩ።

ምንጪ፦ ኢንክሰፕሎሪንግ ኤርዝ ኤንድ ስፔስ



# ገሻ ሰናበት




# "ነዚ መጽሓፍ ከዳሉ ዝደረኸኒ ክቱር ቃንዛ ኩርምቲ እዩ"

## መምህር ሳምሶን ኣስመላሽ

መምህር ሳምሶን ኣስመላሽ ኣብ 1973'ዩ ኣብ ኣስመራ ከባቢ ኣኽርያ ተወሊዱ። ናይ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ትምህርቱ ኣብ ቤት ትምህርቲ ፍረ ህይወትን እንዳ ሽወደን ተባሂሉ ኣብ ዝፍለጥ ዝነበረ ተኸታቲሉ። ናይ ካልኣይ ደረጃ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ባርካ ድሕሪ ምቕጻል ናብ ዩኒቨርሲቲ ዘእቱ ነጥቢ ረኺቡ ካብ 1992-1997 ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ሜጀር ብባዮሎጂ ፡ ማይነር ብኬሚስትሪ ብዲግሪ ተመሪቑ። ካብ 1997 ጀሚሩ ድማ ናይ ባዮሎጂ መምህር ብምኳን ሰሪሑ። መም. ሳምሶን ምስ ብዓልቲ ቤቱ ዝተርጎማ "ሓኪም ስኒ ኣብ ዘይብሉ" ዘርእስታ ብሜሪ ዲክሰን ብቛንቋ እንግሊዝ ዝተጻሕፈት ኣብ ሃገርና ብዓይነታ ናይ መጀመርታ መጽሓፍ ኣብዚ ቀረባ እዋን ዘርጊሖ'ሎ። ናይ ሎሚ ዕዱም ጋሻ ሰንበት'ዩ።



* ብዓዚ ቁልዕነትካ ክንጅምር?

- ወዑይ ግን ከኣ ኣብ ትምህርቲ ሓደ ካብ'ቶም ተወዳደርቲ ኮይነ ብልጫ ዘይተምልጠኒ ንፉዕ ተማሃራይ'የ ነይረ። ብኩሶ'ሞ ክፀገርካ ኣይክእልን'የ ጽሉል ነይረ። እቲ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ዝሓደረኒ ስምዒት ናይ ኩዕሶ ክሳብ ሕጂ'ውን ኣይገደፈንን።

* ኣብ ትምህርቲ ዕዉት ንኽትከውን ዝሓገዘካ ግን እንታይ'ዩ?

- ኣብ'ቲ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ምክትታልን ሓገዝን ናይ ወለደይ'ዩ። ድሕሪኡ ግን ምስ ዕድመ ረብሓ ትምህርቲ እናተረድኣኒ መጸኡ ኣብርሃይ ክጽዕር ጀሚረ። ብዘይካዚ ንፉዓት ኣዕሩኽ'ውን ስለ ዝነበሩኒ ናታቶም ጽልዋ ጠቒሙኒ'ዩ።

* ዓውደ ትምህርቲ ባዮሎጂ ብኸመይ ኢኻ መሪጽካዮ?

- ዝጸናዕ ዘለ እፈቱ'ዩ። ኣቃውማ ኣካላትና ዋህዮታትና እቲ ቅርጻም ንርሓም'ዩ ዘመልክት። ኣእዛንና ንምስማዕ ኣፍንጫና ንምሽታት ወ.ዘ.ተ.ስለምንታይ ብጨንገርና ዘይንሓስብ ስለምንታይ ብልብና ዘይንሰምዕ ስለምንታይ'ከ ብመዓንጣና ዘይንርኢ እንተልና ብሓጺሩ ኣቃውማ ኣካላትና ዚ ስለ ዘፈቅድ'ዩ። ብሓጺሩ እዚ ዝጠቐስኩዎ ማስርሓት ስለ ዝማስጠኒ'የ ከም ቀዳመይቲ ምርጫይ ወሲደዮ።

* ክንደይ ዓመት ምሂርካ ኣለኻ?

- ኣሰታት 17 ዓመት።

* ሞያ መምህርነት'ሞ ከመይ ትገልጾ?

- ኣዝዩ'የ ዝፈትዎ፡ ንሞያ መምህርና ዝተፈጠርኩ ኮይኑ'ዩ ዝስምዓኒ። ካብ'ቲ ብበኣዋኑ ዝረኸቦ ዝነበርኩ መረዳእታታት ማለት'ዩ። ንኣብነት ኣብ ክፍሊ ክገልጽ ከለኹ ዝጥቀመሉ ቶን ወይ ድምጺ ፡ ኣቃውማ፡ ምስ ተማሃሮ ዘለኒ ዝምድናን ኣቀራርባን ማለት'ዩ።

* ቶን ክትብል ከሎኻ ከመይ ማለት'ዩ?

- ክገልጽ ከለኹ ዝጥቀመሉ ናይ ድምጺ ኣገባብ'ዩ። ኣብ ገለ ክብ ኣብ ገለ ለጠቕ ኣብ ገለ ዝሕል ኣብ ገለ ርስን ዝዓይነቱ ማለት'ዩ ። እዚ ንተማሃሮ ነቓሓም ንኽከታተሉ ይሕግዞም'ዩ። ሓደ ዓይነት ድምጺ እንተኾይኑ ክሰልችዎምን ትኹስ ከምጽኣሎምን ካብኡ ሓሊፉ'ውን መኣስያ ሰዓት ትኣክል እናበሉ እናሳዕ ሰዓታት ንኽርእዩ ክገድዶም ይኽእል።

* ንብልኻ'ኸ እንታይ ተማሂርካ ወይ ተሞኩርካ?

- እቲ ዝበለጸ ናይ ምምሃር ሜላ ክትምህር ከሎኻ 'ዩ። ከም'ቲ "The best way to learn is to teach" ዝብልዎ'ዩ። ክትምህር ወይ ዝተረድኣካ ከተፍልጥ ከሎኻ ዝያዳ ንስኻ ኢኻ ትመሃር ዘለኻ። እዚ ተማሃራይ ዘማእከለ እንበሎ ሜላ ኣመሃህራ'ውን ዚ ዝሕግዝ'ዩ።

* ካልእ ምስ ምምህርና ዝተኣሳሰር ዘበርከትካዮ እንታይ ኣሎ?

- ንተማሃሮ ኣብ ማትሪኩለሽን ዝሕግዞም ኣብ 1999-2000 ዓ.ም "Matriculation biology" ዘርእስታ ኣሰታት 200 ገጻት ዘለዋ ከምኡ'ውን "Basic biology" ዘርእስታ ካብ 9ይ-12 ንዝመሃሩ ተማሃሮ መሰረታዊ ዝኾነ ናይ ባዮሎጂ ኣፍልጦ ዝጠቓልል ፡ ብዘውሳኺ ናይ 12 ዓመት ናይ ማትሪክ ሕቶታት ምስ መልስታቱ ዝሓዘት እያ።

* ናብ'ዛ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ዘዳለኻያ "ሓኪም ስኒ ኣብ ዘይብሉ" ዘርእስታ መጽሓፍ ክንሓልፍ ፡ ነዛ መጽሓፍ ከተዳሉ ዝደረኸካ ምኽንያት እንታይ'ዩ?

- ኣብ 1994-95 ኣብ ሰሜናዊ ብመምህርና እናገልገልኩ ንጸላኢ'ኻ ዘይትምነዮ ቃንዛ ኩርምቲ የጋጥመኒ። ቃንዛ ኩርምቲ ዘጋጠሞ ጥራይ'ዩ ዝፈልጦ። ንኣገዙ ዘሰኩሓካ ሰብ'ውን ብቓንዛ ኩርምቲ ኢኻ ትምስሎ (ሰሓቕ) ብዘኾነ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ እናተቐዘዝኩ ሓደ ሓሳብ መጺኡኒ። ቃንዛ ኩርምቲስ ብኸመይ ክንከላኸሎ ንኽእል ኢለ ክሓስብ ጀሚረ። ኣብዚ ሓሳብዚ ከለኹ ኣብ 1997-98 ኣብ ዝተመረቕኩሉ ብዘዕባዚ ገለ ትሕዝቶ ደርኪበ'ዩ ኢለ "ዶክተር ኣብ ዘይብሉ" ( " Where there is no doctor") እትብል መጽሓፍ ክፍትሽ ጀሚረ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ምስ መምህር ሙሴ ሃብተ ብዛዕባዚ እናዕለልና እዛ መጽሓፍ ኣብ ሜዳ "ኢጋር ሓኪም" ብዝብል ኣርእስቲ ከምዝተተርጎመት ይነግረኒ። ድሕሪኡ ብዛዕባዚ ጉዳይ ኣጸቢቑ ዝፈልጥ ዝነበረ መምህር ኣብርሃለይ ሃብተ " Where there is no dentist" ("ሓኪም ስኒ ኣብ ዘይብሉ") እትብል ብቛንቋ እንግሊዝኛ ዝተጻሕፈት መጽሓፍ ሂቡኒ።

* ብኸመይ ኢኻ ተርጒምካ'ያ ክንደይ ግዜኸ ወሲዳትልካ?

- መጀመርያ ብምልእታ'የ ኣንቢበያ። ብሓቂ ከኣ ዓጊበሉ። ድሕሪኡ ንሱብ ሞያ ጥዕና ብፍላይ ከኣ ንሓኪይም ስኒ ፡ ንመምህራን ንወለዲ ፡ ንተማሃሮ'ውን ባዕላቶም ኣንቢቦም ቅድምን ድሕርን ኣብ ሰኒን ግርጻንን ዘጋጥም ጸገማት ንምክልኻልን ንምውጋድን ኣዝያ ሓጋዚት ኮይና ረኺበያ ። እቲ ናይ ምትርጓም ስራሕ ዓመት ኣቢሉ ወሲዱለይ። ካብ እትዳሎ ግን ሸዱሽተ ዓመት ኮይኑ'ሎ።

* መደንጎይኣ ምኽንያት እንታይ'ዩ ነይሩ?

- ናይ ዓቕሚ ሕቶ'ዩ። ኣሕተምቲ ተጸቢዮላ ነይረ። ምስ ሚ/ጥዕና ካልኦትን ተዘራሪበ ፡ "ባዕልኻ ኣሕትማዮ ገለ ክፉል ክንገዝኣልካ " ኢሎምኒ። ኣብ መወዳእትኡ ግን ጸገም ሰኒን ግርጻንን ንኸሉ ስለ ዝጸሉ ባዕለይ ኣሕቲመ ዕዳጋ ከምዝዘይሰእኣ ምሉእ ምትእምማን ኣሕዲረ።

* ብዓይነታ ኣብ ሃገርና ናይ መጀመርያ መጽሓፍ ምኻና ኣብ ፖስተርካ ጠቒስካ ኣሎኻ'ሞ. . .?

- እወ ቅድሚ ሕጂ ንጥንቃቐን ክንክንን ሕማም ስኒን ግርጻንን ዝምልከት ብቛንቋና ዝተዳለወ መጽሓፍ የለን። ንዶክተር ላይሽ ምስ ኣርኣኹዋ "ንሕና ሓካይም ስኒ ክንገብሮ ዝነበርና እንዲኹም ዓሚምኩም" ኢላትኒ።

* እዛ መጽሓፍ ምስ ብዓልቲ ቤትካ ከም ዝተርጎምኩማ ኢዩ ኣብ'ቲ መጽሓፍ ዝገልጽ'ሞ እቲ ምትሕግጋዝ ከመይ ነይሩ?

- ቅድሚ ሸሞንተ ዓመት ነዛ መጽሓፍ ምስ ውዳእኩዋ ኣብ ሕጽኖት ምኳኑ'ዩ ፡ እቲ ዘድሊ ናይ ትግርኛ ሰዋስው ብፍላይ ንሕክምና ስኒን ግርጻንን ዝምልከት ቃላት ብምልኡ ብዓልቲ ቤተይ'ያ ዓሚማቶ። ኣብ ምርዓምን ምስኩያምን ተራ ብዓልቲ ቤተይ ኣዝዩ ዕዙዝ'ዩ ነይሩ። ብዘይካ'ዚ እታ ኣብ 2006 ዝተዘርግሐት ኣቐዲመ ዝጠቐስኩልካ "Basic biology" ዘርእስታ መጽሓፍ ብሓደ ኮይና ኢና ሰሪሕናያ።

*ብዓልቲ ቤትካ ኣብ ምንታይ ሞያ'ያ ትሰርሕ?

- ንሳ'ውን ከማይ'ያ መምህር ናይ ባዮሎጂ'ያ።

* ቀንዲ ኣተኩሮን ክፋላትን ናይ'ዛ መጽሓፍ እንታይ'ዩ?

- እቲ ቀዳማይ ክፋል ኣብ ምክልኻልን ጥንቃቐን ሕማም ስኒን ግርጻንን ዘተኩር ኮይኑ ሓያለ ግብራዊ ስራሓት ኣብ ስድራ ቤትን ፡ ቤት ትምህርቲን ኣለዋ። እቲ ካልኣይ ክፋል ምስ ሓመምካ ባዕልኻ ኣብ ገዛ ክትወስዶ ዘለካ ስጉምቲታትን ፡ ናብ ሕክምና ምስ ከድካ ዝግበረልካ ኩሉ ዓይነት ፍወሳ ትሕብር። ዳርጋ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ገጽ ናይዛ መጽሓፍ ዝተፈላለየ ስእላዊ መግለጺታት ኣሎ።

* ካብ ኣንበብቲ ዝረኸብካዮ ግብረ መልሲ . . .?

- እቲ ግዜኡ ሓጺር እንተኾነ ዛጊት ብዙሓት ሰባት ኣዝዩ ኣጉዳሲት ኮይና ከም ዝረኸብዋ፡ ገለ'ውን "ኣስናንና ክሳብ ዝውዳእ ኣበይ ነርካ ?" ዝበሉኒ ኣለዉ። ገለ'ውን ካብ ኩሉ ንደቅና ጸቡቕ ገበርካ ዝበሉ'ዮም።

* እታ ዘሰክሓትካ ቃንዛ ኩርምቲ ገለ'ዶ ዘከራትካ ትፈልጥ?

- ድሕሪኡ ቃንዛ ኩርምቲ ይኹን ስኒ ኣይፈልጥን'የ። ኣብ ደቀይ'ውን ከምኡ ፡ እዛ መጽሓፍ ኣንቢበ ግቡእ ክንክን ስለ ዝገበርኩ ማለት'ዩ።

* እዛ መጽሓፍ ዝያዳ ንመንያ እተገድስ?

- ንኹሉ ጥዑይ ስኒን ግርጻንን ክህልዎ ዝደሊ ማለት'ዩ።

* እዛ መጽሓፍ ቅድሚ ምሕታማ ብፍላይ ምስ ክኢላታት ሓካይም ስኒ ተዘራሪብኩላ'ዶ?

- እወ ብመጀመርያ ነዛ መጽሓፍ ንኽትርኢያ ዝተወከስኩዋ ኣብ ሞያ ሕክምና ስንን ግርጻንን ብሉጽ ፍልጠትን ሃብታም ተሞክሮን ዘለዎ ዶ/ር ላይሽ ገ/ህይወት'ያ። ከም'ቲ ኣቐዲመ ዝጠቐስኩልካ ኣዝያ'ያ ኣተባቢዓትና በዚ ኣጋጣሚ ድማ ብዘለዋ ጸዕቕ ስራሕ ከይተገትአት ንዝገበረትልና ብዋጋ ዘይሽነን ደገፍ ከምኡ'ውን ንተማሃሮ ሓካይም ስኒ ኤፍሬም ካሕሱን ናዝራዊ መሓሪን ምስጋናና ነቕርበሎም።

* ብኻልኦት ቋንቋታት ሃገርና ክትትርጎም መደብ ኣለኩም'ዶ?


- ብርግጽ ብቛንቋ ትግረ ክንጅምር ኢና። እቲ መደብ ኣሎ ኣብ ማሰርሕ ዘጋጥም ምድንጓያት እንተዘይተረኺቡ ማለት'ዩ።

* ዋጋ ናይዛ መጽሓፍ ኣይከበረን'ዶ. . .

- ካብ ጥዕና ዝዓቢ'ኮ የለን። ጥዕና ብገንዘብ ኣይትመንን'ዩ። ብፍላይ ከኣ ቃንዛ ኩርምቲ ክስምዓካ ከሎ ንምዕጋሱ ዋላ እውን ኣብ ርእሲ ዘለካ ተለቂሕካ ክትከፍል ኢኻ ትደሊ። ኣብ ካልእ ማልእ ዝጠፍእኮ ንርኢ ኣለና። እኳ ድኣ ንጥዕናኻ ኣብ ዝሰሲ ወልፍታት ኣልኮላዊ መስተን ሽጋራን ዝጠፍእ ገንዘብ ክንደይ ደዩ? እሞ ኸኣ ካብ ኣፍደቕኻ እናመንጠልካ ኤእ እዚ'ኣስ "ልብኹም ይዓቢ" ኢለ ክሰግሮ።

* ኣብ መወዳእታ . . .

- እዛ መጽሓፍ ናይ ባህሪ ለውጢ ኣብ ሰንን ግርጻንን ንኽመጽእ ኢያ ተዳልያ ዘላ። ሰንን ግርጻንን ከኣ ጥንቃቐ ዘድልዮ ክፋል ኣካላትና'ዩ። ሰኣን ጥንቃቐን ኣፍልጦን ዘይትካእ ኣስናን ንቓንዛ ኣቃለዑ ሓንሳብን ንሓዋሩን ንኸስር። ብፍላይ ኣብ ቆልዑ ልዑል ጥንቃቐ ክግበር ኣለዎ። ቆልዑ ምስ ተመገቡ ወትሩ ኣስናኖም ናይ ምጽራይ ልምዲ ከጥርዩ ክይተሓለልና ክኮተብዎም ኣሎና። ኣብ ደቅና ዘጋጥም ናይ ኣስናን ኮነ ግርጸን ጸገማት ተሓላላፊ ወለዲ ምኻና ኣይዝንጋዕ። ብሓጺሩ ኣስናንናን ግርጻንናን ብጥንቃቐ እንተሓዚና ካብ ቃንዛን ሰንክልናን ኣስናንን ከም እንናገፍ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ካብ ንጥንቃቐን ድሕነትን ኣስናንናን ግርጻንናን ዝሕግዙ መጻሕፍቲ ይኹን ጽሑፋት ምውካስ ከኣ ድሕር ኣይንበል'የ ዝብል።




ህዝባዊ ርክባት ሃግመተኤ

# ስፖርት

ኤርምያስ ኣስፍሃ

## ከኣልየኩም

## ሰላም - እናሓደረ ዝሕደስ ተጻዋታይ

ንነውሕ ዝበለ ዓመት ኣብ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ዘይተፈልየ ጉዱም ተጻዋታይ ኮይኑ፣ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ምስ ናይ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ዝኾነት ክለብ ሰሜንቶ ኣብ መስመር ምኽል'ኻል ተሰሊፉ ኣብ ምጽዋት ይርከብ። እዚ፣ ብቕዓቱ እናሓደረ ዝኸሉዕ ተጻዋታይ፣ ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድራት ሊግ ንክለብ ሰሜንቶ ንፋልማይ እዋን ምስ ናይ ዞባ ማእከል ሓያላትን ዓበይትን ጋንታታት ተወዳዲራት ኮይና 4ይ ደረጃ ንኽትሕዝ ዓቢ ኣስተዋጽኦ ካብ ዝገበሩ ተጻወትቲ'ዩ - ሰላም ጉብረእግዚበሄር (ወዲ ሻምባል)።

ብ1982 ኣብ ኣስመራ ሰንታንታኣቶ ዝተወለደ ሰላም፣ ንጸወታ ኩዕሶ እግሪ ከም ኩሉ ህጻን ኣብ ገዛውቱ'ዩ ብኩዕሶ ጨርቂ ጀሚሩ። ብድሕሪ'ዚ ናይ'ታ 2ይ ደረጃ ዝመሃረላ ዝነበረ ቤ/ት 2ይ ደረጃ ሓላይ ወከሉ ተጻዊቱ።

ኣብ 1998 ኣብ ናይ ኣብዮተ ትምህርቲ ጸወታ ክጻወት ዝተዓዘቦ፣ ሽዑ ኣሰልጣኒ ሃይለ ዱቡ፣ ምስ ክለብ ምድላው መግቢ 2ይ ዲቪዥን ከም ዝጽንበር ገበረ። ሓደ ዓመት ምስ ክለብ ምድላው መግቢ ምስ ጸንሐ፣ ኣሰልጣኒ ክለብ ኣልታሕረር ዝነበረ ገዛኢ ተስፋጋብር ናብ ክለቡ ወሰዶ።

ምስ ኣልታሕረር ካብ 1999 ክሳብ 2009 ምቑር ናይ ጸወታ ኩዕሶ ግዜ ዘሕለፈ ሰላም፣ ኣሰልጣኒ ገዛኢ ተስፋጋብር ኣብ ክለብ ኣልታሕረር ክቕበሎ ከሎ፣ "ክዓቢ ዝኽእል፣ ተስፋ ዘለዎ ተጻዋታይ" እናበለ ይገልጾ ምንባሩ ይጠቕስ። ሰላም'ውን ቃል ኣሰልጣኒኡ ኣየዕበረን። ኣብ ዝተሰለፈሉ ጸወታ ብኸሕ ይጻወት፣ ንደቂ ጋንትኡ ኣብ ምውህሃድ ይነጥፍ፣ ሞራል ይህብን የዕውትን ነበረ።

ጸወታ ኣብ ዝጀመረሉ እዋን ከም በዓል ይደንቃቸው ሸማንገሱ፣ ኤፍሬም መለሱ፣ ቴድሮስ ነጋሽ (ሰላምቢኒ)፣ ዝኣመሰሉ ሓያላት ኣጥቃዕትን ኣከፋፈልትን ኣብ መስመር ምኽል'ኻል ኣንጻርም ተሰሊፉ ተጻዊቱ። ካብ'ዞም ሓያላት ኣጥቃዕቲ ዝተሞኮሮ'ዩ ድማ ክሳብ'ዚ እዋን ኣብ ብቕዓቱ መሰረት ኮይንዎ ዘሎ።

እዚ ፍቕሪ ማሊያ ከምዝለዎን ናይ ተሳዓርነት መንፈስ ከም ዘይቕበልን ብዘብዖቱ ዝገለጸ ሰላም፣ ምስ'ታ ንዊሕ ዓመታት ዝተጻወተላ ኣልታሕረር ብዘይ'ኳን 8 ዋናጩ ኣልዒሉ። ጋንትኡ ኣብ ምዕዋት ድማ ልዑል ኣበርክቶ ነይርዎ።

ካብ 2007 ክሳብ 2009 ምስ ኣልታሕረር ከም ሓለቓ ጋንታ ኮይኑ ተጻዊቱ። ንሱ ኣብ 20006/2007 ድሕሪ ነዊሕ ዓመት እሞ ኸኣ ብምኽትል ኣሰልጣኒኣም ዝነበረ ኣብርሃለይ ኣስመላሽ (ላፋ) ሻምፕዮን ምዃኖም ካብ'ቲ ዘሐጎሶ'ዩ።

ኣብ ክለብ ኣልታሕረር ዝነበሮ ውዕል ኣብቂዑ ናብ ደንደን ተሰጋጊሩ። ናብ'ዛ ክለብ ምስ ተሰጋገረ ኣሰልጠንቲ ኢሳያስ ኪዳነን ሚካኤል ሃብተ - ጋቸን ጸቡቕ ኣቀባብላ ገይሮምሉ። ንሱ'ውን ምስ ተጻወትቲ ደንደን ክወሃሃድ ኣይጸገሞን። ደንደን ኣብ ሊግ ኤርትራ ክልተ ግዜ ናይ 2ይ ደረጃ ቦታ ክትሕዝ ከኣ ዝከኣሎ እጃም ኣበርኪቱ።

ኣብ ደንደን ምስ ተጸንበረ ብቕዓቱን ክእለቱን ዝተዓዘቦ ኣቦ መንበር ናይ'ታ ጋንታ መጀር ተስፋዝጊ (ሆቸሚን) "እዚ ተጻዋታይ እናሓደረ'ዩ ዝሕደስ" እናበለ ይገልጾ ምንባሩ ሰላም ይዛረብ።

ሰላም፣ ኣብ 20013/2014 ናይ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ክለብ ሰሜንቶ ምስ'ኣም ንኽጽንበር ምስ ሓተትዎ ዓይኑ ከይሓሰየ ኣብ ሕቘፎ'ታ ጋንታ ኣትዩ። ኣብ'ታ ክለብ ከኣ ምስ ብዖቱ ገለ ኣበርክቶ ክገብር ኣለኒ ኢሉ ተበጊሱ። ብናቱን ደቂ ጋንትኡን ኣበርክቶ ከኣ እታ ጋንታ ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር ሊግ ኤርትራ ንፋልማይ እዋን 4ይ ደረጃ ሒዛ ውድድራ ዛዚማ።

ሰላም፣ ከም ጉዱምን ምኩርን ተጻዋታይ፣ ንኣሰልጣኒ ክለብ ሰሜንቶ ክፍላይ ምስጉን ኣብ ጸወታ ክግበር ዘለዎ ቴክኒካት ሓሳቡ የካፍል። ኣሰልጣኒ ክፍላይ'ውን ንሰላም ክብሪ ሂቡ ንቲ ሓሳባት ኣብ ግብሪ ከም ዘውዕሎ ከይጠቐሰ ኣይሓለፈን።

ሰላም ምስ ሃገራዊት ጋንታን ክለብ ኣልታሕረርን ብምኻን ኣብ ብርክት ዝበሉ ኣህጉራዊ ውድድራት ተሳቲፉ'ዩ። ንኣብነት ኣብ 2000 ዓ.ም ምስ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ትሕቲ 17 ዓመት፣ ናብ ቡሩንዲን ኬንያን ዝኣመሰሉ ሃገራት ብምጋሽ ተጻዊቱ። ኣብ 2004 ምስ ዓባይ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ብምዃን ኣብ ኣስመራ ኣንጻር ሃገራዊት ጋንታ ማሊ ተሰሊፉ ተጻዊቱ።



ምስ ክለብ ኣልታሕረር'ውን ሻምፕዮን ኤርትራ ብምዃን ናብ ታንዛንያን ኬንያን ብምጋሽ ተወዳዲሩ። ኣብ ታንዛንያ ወሰንቲ ተጻወትቲ ብማሕበርቲ ጉዲሎሞም ከለው ዘመዝገብዎ ብሉጽ ወጽኢት ከኣ እቲ ዝዘከሮ'ዩ።

ሰላም ንነውሕ ዝበለ ዓመት ኣብ ኩዕሶ እግሪ ምስ ብቕዓቱ ክጸንሐ ዝኸኣለ ምስጢር፣ ኑቡሩ ሓልዩ ብድሰፕሊናዊ ኣካይዳ ዝምራሕን ልምምዳቱ ብስሩዕ ስለዘካይድን ምዃኑ ይጠቅስ።

ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ካብ ስሩዕ ጸወታ ኩዕሶ ዕረፍቲ'ኳ እንተሎ፣ ኣካላዊ ብቕዓቱ ንምሕላው፣ ጅምናዚም ይሰርሕ። ኣብ ገለ ዓቕብ ዘለዎ ቦታ እናኸደ ብዝብዝብ ልምምዳት ይገብር።

ብጋንታ ንምገንቻስተር፣ ካብ ናይ ውሽጢ ሃገር ተጻዋታይ ንዳንኤል ዘርኣም (ቺና)፣ ካብ ናይ ደገ ከኣ ንጆል ስኮልስ የድንቖ። ሰላም፣ ኣብ ጸወታ ኩዕሶ ክቕጽል ድሌት ከም ዘለዎ፣ ጸወታ ምስ ዘቋረጸ'ውን ነታ ኮስኩሳ ዘዕበየቶ ክለብ ኣልታሕረር ከም ኣሰልጣኒ ኮይኑ ክኣልያ ባህጉን ሕልሙን ምዃኑ ይገልጽ። ኣብ መወዳእታ፣ ንሞራል ምትብባዕን ዘይፈልየሉ ቤተሰቡን ደገፍቱን ደቂ ጋንትኡን የመስግን።

***

## ባስትያን ሽቫንስተይገር - ሞተር ፍርቂ ሜዳ

ባሕቲ ነሓሰ 1984 ኣብ ኮልበርመር - ምዕራብ ጀርመን ዝተወልደ፣ ምስ ቡንደስሊጋዊት ክለብ ባየር ሙኒክ ኣብ ምጽዋት ዝርከብ ሓደ ካብቶም ዛጊት ዓለምና ኣፍርያቶም ዘላ ብሉጻት ተጻወትቲ ኩዕሶ እግሪ'ዩ - ባስትያን ሽቫንስተይገር።

እዚ ወዲ 29 ዓመት ጀርመናዊ፣ በቲ ብሉጽ ኣጻውታኡን ኣብ ምዕዋት ክለቡ ይኹን ሃገራዊት ጋንታኡ ዝነበሮ ዕዙዝ ኣበርክቶን ዛጊት ሸውዓተ ናይ ቡንደስሊጋ ናይ ክብሪ መዓርጋት፣ ሸውዓተ ዋናጩ ጀርመን፣ ናይ ሻምፕዮናት ሊግ ዌፋ ሽልማት ከምኡ'ውን ክልተ ዋናጩ ሊግ ክሽለም በቒዑ ዘሎ ሃብሮም'ዩ።



ባስትያን፣ ምኽትል ሓለቓ ጋንታ ባየር ሙኒክ ኣብ ርእሲ ምዃኑ ዓሚ ዝበለጸ ጀርመናዊ ተጻዋታይ ተባሂሉ ሪዚን ክብሪ ረኺቡ። ንሱ፣ ብኽእለቱን ኣጻውታኡን "ሃንዳሲ ፍርቂ ሜዳ" (midfield master mind) ተባሂሉ'ውን ይግለጽ'ዩ ብብዙሓት ተንተንቲ።

ባስትያን ሽቫንስተይገር ንፋዕ ናይ ጉያ በረድ ተወዳዳሪ ክነሱ ኩዕሶ እግሪ ብምምራጽ መንእሰይ ተጻዋታይ ኮይኑ ንባየር ሙኒክ ዝተጸንበረ ኣብ ክረምቲ ናይ 1998'ዩ ነይሩ። በቲ ዘርኣዮ ድንቂ ጸወታ ኣብ 2002 ዕላዊ ውዕል ከቲሙ ኣብ 14 ግጥማት ቡንደስሊጋ ብምስታፍ ባየር ሙኒክ ናይ 2002/03 ድርብ ዋናጩ ክትዓትር ብዝበሮ ልዑል ግደ ድማ ክኸቡ ምንጽብራቕ ጀመረት።

ኣብ ዝሰዓበ ሰለስተ ወቕቲታት፣ ማለት ክሳዕ መወዳእታ 2007/08 ምስኣ ን135 ግዜያት ዝኣክል ንሜዳ ብምውራድ ዝነኣደ ጸወታ ከርኢን 10 ሸቶታት ከመዝግብን ክኣለ። ኣብ ነሓሰ 2008 ናይ ወቕቲ 2008/09 ፈላሚት ቡንደስሊጋዊት ሸቶኡ ከመዝግብ ከሎ ኣብ ቀወዒ 2010 ከኣ ምስ ባየር ሙኒክ ክሳዕ 2016 ዘጸንሖ ሓዲሽ ውዕል ፈረመ።

ኣብ 2012/13 ብኣሰልጣኒ ጁፕ ሀይንከስ "ናይ ዓለም ዝበለጸ ተጻዋታይ ፍርቂ ሜዳ" ተባሂሉ ልዑል ሞገስ ዝረኸበ ሽቫንስተይገር፣ በቲ ንመቐናቕንቱ ኣሸጊሩ ኩዕሶ ብምሕላፍ፣ ናይ ምስራሕ ብቕዓቱን ኣደናቒቲ ነዋሕቲ ቅልዓቱን ኣብ ምዕዋት ክለቡ ዝተጻወቶ ዘይት ተራ ናይ ዓመተ 2013 ብሉጽ ተጻዋታይ ጀርመን ኮይኑ ተሸሊሙ'ዩ።

ባስትያን ሽቫንስተይገር ልክዕ ከምቲ ንባየር ሙኒክ ልግዐ ዘሰተየ ንሃገሩ ጀርመን ወኪሉ ኣብ ኣህጉራዊ ግጥማት ብምስታፍ ብዘርኣዮ ስረ'ውን ደቂ ዓዱን ፈተውቱን ከይተሓበኡሉ ኣይተረፉን። ኣባል ሃገራዊት ጋንታ ጀርመን ብምዃን ኣብ ፖርቱጋል ኣብ ዝተኻየደ ናይ 2004 ዌፋ ውድድር፣ ኣብ ናይ ጀርመን ግጥም ዋንጫ ዓለም ፊፋ 2006፣ ኣብ 2008 ኣብ ኣውስትርያ - ስዊዘርላንድ ኣብ ዝተገብረ ግጥም ዩሮ ዌፋ፣ ኣብ ናይ ደቡብ ኣፍሪቃ ዋንጫ ዓለም 2010 ፣ ኣብ ናይ ፖላንድ - ዩክሬን ዩሮ ዌፋ 2012፣ ከምኡ'ውን ኣብ'ቲ ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ኣብ ብራዚል ዝተሰላሰለ ግጥማት ዋንጫ ዓለም 2014 ብምስታፍ ዝነኣደ ኣበርክቶ ገይሩ'ዩ።

ናይ ባስትያን ሽቫንስተይገር ቅያን ዝሓለፉ ዓወታትን ንምጥቃስ ዝኣክል፣ ዛጊት ሰለስተ ግዜያት ዝኣክል ፡ ማለት ካብ 2010 – 2013 ንሽልማት ባሎን ዲ ኦር ኣብ ርእሲ ምሕጻዩ ኣብ 2006 ፡ ከምኡ'ውን ኣብ 2010 ብዘርኣዮ ንኡድ ጥበብ ጸወታ ናይ ሲልቨርስ ሎርበርብላት ሽልማት ፡ ኣብ ኣብ ናይ 2006 ግጥም ጀርመንን ፖርቱጋልን ንዋንጫ ዓለም፣ ከምኡ'ውን ኣብ ናይ 2008 ግጥም ጀርመንን ፖርቱጋልን ግጥም ዩሮ ዌፋ ናይ'ዞን ግጥማት ብሉጽ ተጻዋታይ፣ ብተመሳሳሊ ኣብ'ቲ ጀርመንን ኣርጀንቲናን ዝገጠማሉ፣ ግጥም ዋንጫ ዓለም 2010 ጉብለል ናይ'ቲ ሜዳ፣ ኣብ 2013 ናይ መላእ ሃገረ ጀርመን ኮኾብ ተጻዋታይ፣ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ሓደ ካብቶም ናይ'ዚ ዝተጠቕሰ ዓመት ጉብለል ተጻወትቲ ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ኮይኑ ልዑል ክብርን ዝናን ዘጕነፀ ሽልማታት ዓቲሩ'ዩ።

ከም ናይ ክንፊ ሞያዊ ስፖርታዊ ህይወት ጀሚሩ ምስ ተመኩሮን ግዜን ናብ ናይ ፍርቂ ሜዳ ሞተር ዝተቐየረ ሽቫንስተይገር ብሉጽ ጥበባት ምሽካዕ ፡ ወሃ ዘብል ምልከት ቀጻጸር ኩዕሶ ፡ ዒላማኡ ብንጹር ዝወቅዕ ናይ ምሕላፍን ምምጣምን ልዑል ብቕዓት ዘለዎ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፣ ዝነኣደ ክእለት ንጉብ ጸወታ ስለ ዘውንን ብኣሰልጣኒ'ታ ሃገራዊት ጋንታ ጆኪም ሎው "ርእሲ ወይ ሓንጎል" ሃገራዊት ጋንታ ጀርመን ተባሂሉ'ዩ ብኣድናቖት ዝግለጽ።

እዚ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ምስ ሳራ ብራንድነር ዝሰማ ኣፍቃሪቱ ኣብ ሙኒክ ጀርመን ዝነብር ዘሎ ሽቫንስተይገር ደገፍቱ ካብ'ቲ ከምኡ ኣብ ዕቑር ጋንታ ባየር ሙኒክ ፕሮፈሽናል ተጻዋታይ ኩዕሶ እግሪ ዝኾነ ቶብያስ ዝበሃል ምዕባዩ ሓዉ ንምፍላይ "ሽወይኒ" ወይ "ባስቲ" ዝበል ሳጓ ኣጥቢቖምሉ ይርከቡ።



# ሰንበት ምስ ቆልዑ



ሰናይ ዮናስ

# ወግዒ ኣቦይ ያሲን



ኣስላሙ'ዓሌኩም ፍቱዋት ደቀይ ከመይ ቀኒኹም? ዙሓለፈ ሰሙን ንዳስ ክወስድ ኢለ ናብቲ ኣብ ከባቢና ዝርከብ ጎልጎል ሰለይ እናበልኩ ክልተ ከብንዳኹም ዝኾኑ ቆልዑ ብሚዕዶ ቀቅድመይ ክመጹ ርኣኹ። እቲ ቦታ ካብ መዝበሪ ግዘውቲ ፍንትት ዝበለ ኮይኑ ብዘበዘሐ. ኣግራብ ዝለዎ 'ዩ። ብኡ ክትናፈስ ከሎኻ ዝፈጥረልካ ባህታ ፍሉይ'ዩ። እቶም ቆልዑ ኣነ ድኣ ኣየለለኹምምን'ምበር ንሱቶምስ ኣጸቢቖም ይፈልጡኒ'ዮም። ዓራ ኣየለልዩናንየም ኢሎም ድንን ድንን ኢሎም ኣሰቂጦም ክሓልፉ ክብሉ ኣነ ከኣ ደቂ መን ምኻናም ክፈልጥ ዳርጋ ደው ኢለ ንድሕሪት እናጠመትኩ ሓደ ነገር ሸተተኒ። እቲ ሽታ ናይ ምንታይ'ኮን ማሰለኩም ? ገሊኹምኳ ድሮ ቀብ ኣቢልኩሞ ኣለኹም። ደስ ዘዩብል ሽታ'ዩ። እቲ ሽታ ዝፈጠረ ነገር ምስ ዕድመ ናይ'ቶም ቆልዑ ጥራይ ዘይኮነ ንዘኾና ሰብ ዝሕሱ፡ ብዋዛ ምስ ለመድካዮ ወልፈ ኣትሒዙ ብቐለሉ ዘይሰድድ'ዩ። ሓደ ካብ'ቲ ገዝዙብ ከፈልካ ጥዕናኻ እትዛየቡ ሽጋራ'ዩ። ሽጋራ እንትርፎ ማህሰይቲ ኣብ ልዕሊ ጥዕናን ክሳራ ገንዘብን ዝኾነ ጠቓሚ ዘይብሉ ምኻኑ ዘይፈልጥ የለን። ገለ ኣብ ግዜ ቁልዕነቶም ገለ ኣብ ሸዊት ዕድመኦም ከትክኽዎ ይረኣዩ። ኣረ ዝተማህሩን ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ዝበጽሑ'ውን ሽጋራ ከትክኹ ይረኣዩ'የም። ይኹን'ምበር ሽጋራ ንጥዕና ሓደገኛ ምኻኑ ከኣ ኣይሰሕትምን። ሽጋራ ኣብ ዝኾነ ዕድመ ክልመድ ይኹን ክትክኽ ዘይብሉ ምኻኑ ፍሉጥ። ገሊኹም ሰለምንታይ ድኣ ምሁራት ከይተረፉ የትክኹ ትብሉ ትኾኑ። ኣይተጋገኹምን ብርግጽ ምሁራት ሽጋራ ከትክኹ ይረኣዩ'ዮም ንጥዕና ሓደገኛ ምኻኑ ከኣ ልዕሊ. ዝኾነ ይፈልጡ'ዮም። ግን ብዋዛ ዋዛ ስለ ዝለምዱዎ ንምቁራጹ ይጸገሙ። ብዙሓት ከኣ ዘቋረጹዎ ኣለዉ። ሽጋራ ምትካኽ ብምቁራጾም ኣብ ጥዕናኦም ዓቢ. ለውጢ. ዝረኸቡ ኣለዉ። ገሊኦም ከኣ ኣለዉ. ብዙሕ ዓመታት ሽጋራ ኣትኪኾም ኣብ ጥዕናና ዘምጽኣልና ጉድኣት የለን ዝብሉ። እዚኣቶም ግጉያትን ዓያሹን'ዮም ክንብሎም ንኽእል ። ምኽንያቱ ናብ ሕክምና ቀሪቦም እንተዝምርመሩ ጸገሞም ምፈለጡ። ከምኡቶም ፍጹም ሽጋራ ዘየትክኹ ክኾኑ ከም ዘይክእሉ ከኣ ክፈልጡ ኣለዎም። ቀጻሊ. ሰዓል ኣለዎም። ኣሰናኖም እቶን'ዩ ዝመስል። ሽታ ኣፎም ከኣ ኣየቐርብን።እዚ.እቲ.ግዳማዊ.ምልክት ጥራይ'ዩምበር ጎረርኦም ሳንቡኦም ልቦም ኩላሊቶም ኮታ ውሽጣዊ ክፍሊ. ኣካላቶም ማህሰይቲ ከም ዘለዎ ርጉጽ ነገር'ዩ። ሓደ ዓርክብ ኣሎ ንልዕሊ. ዕስራ ዓመት ሽጋራ ኣትኪኹ ንሱን ክዳውንቱ ብሽታ ሽጋራ ኣየቐርቡን'ዮም። እዞም ቆልዑ እምበኣር ዝ. ሓደገኛ ኩነታት እዮም ዝቃልዑ ዘለዉ። ንዓይ ምስ ረኣዩ ኣሰቂጥ ኣቢሎም ዝሓለፉ ለካ ክልቲኦም እናተቐባበሉ ሽጋራ የትክኹ ብምንባሮም'ዩ። ፍቱዋት ደቀይ ንጥዕናኹም ዝሕግዘ'ምበር ንጥዕና ዝሕሲ. ልምዲ ከይተጥርዩ ሓደራ። ብሕልፊ ሽጋራ ብዋዛ ዝልመድ ግን ከኣ ብቐለሉ ዘይሰድድ ጥዕናኻ ኣማሲኑ ገንዘብካ ኣጥፊኡ ካብ ሰብ ዝግልል ግናይ ልምዲ ስለዝኾነ ፎጺ በልዎ። ድሓን ቆዩ!

# ሌላ ምስ ሃብሮም



ሪሞን ኢዮብ ዑቕባይ ይበሃል። ወዲ 13 ዓመት'ዩ። ኣብ ቤት ትምህርቲ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ፍረ ሰላም ሻብዓይ ክፍሊ. ክመሃር ሓጊዩ 95.5% ረኺቡ 2ይ ተርታ ብምውጻእ ናብ ሻምናይ ክፍሊ. ሓሊፉ'ሎ። ካብ'ቶም ካብ ቀዳማይ ክፍሊ. ክሳብ'ዚ. ሕጂ በጺሑዎ ዘሎ ደረጃ ብልጫ እናወሰዱ ትምህርቶም ዝከታተሉ ንፉዓት ተማሃሮ'ዩ። ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሻብዓይ ክፍሊ. ዓሰርተ ናይ ብሉጽ ተማሃራይ ፍሉይ ምስክር ወረቐት ኣለዎ።


ወለዱ ምስ ኣሕዋቱ ናይ ምሉእ ሰሙን ዘጽንዑሉ ግዜ ስለ ዝፈለዩሎም ብኡ እናተመርሑ'የም ዘጽንዑ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ድማ ኩሎም ኣሕዋት ክሳፍዑ ክኢሎም። ምንኣስ ሓብቱ ቤተልሄም ካብ ሻዱሻይ ክፍሊ. ናብ ሻብዓይ ክፍሊ. ክትሓልፍ ከላ ካብ ክፍላ ካልኣይቲ ብምውጻእ'ያ ሓሊፋ። ምንኣስ ምንኣሱ ሻም'ውን 94% ብምርካብ ናይ ብሉጽ ተማሃራይ ወረቐት ምስክር ተቐቢሉ። ኣብ ገዛ ብወለዶም ዝዳሎ ናይ ነፍሲ ወከፍ ዓይነት ትምህርቲ 10 ሕቶታት ኣሎ። ብሉጽ ነጥቢ. ንዝረኸበ ድማ ፍሉይ ሽልማት ይወሃቦ። ሪሞን " ወለድና ንሽልማት ዘይኮነ ንፍልጠት ከለዐንዕ ከምዝለና'የም ኩሉ ግዜ'የም ዝምዕዱና ይብል።

ሪሞንን ኣሕዋቱን ኣብ ፈተና ብምዕቡእ ተዳልዮም ስለ ዝኣትዉ. ከይተረበሹ'የም ብርግኣት ዝምልሱ። ኣብ ትርፊ ግዜኦም ብዓቕሞም ንስድርኦም ከም ዝሕግዙ'ውን ኣዕሊሉና። ሪሞን እቶም ንኣሽቱ ኣሕዋቱ ከምኡ ንፉዓት ምእንቲ ክኾኑ ኣብ ትምህርቶም ይሕግዞም'ዩ። ነሕዋቱ ጥራይ'ውን ዘይኮነ ኣብ'ቲ ከባቢኡ ንዝርከቡ ቆልዑ'ውን ፍልጠቱ የካፍል'ዩ።

ሪሞን ኣብ'ዚ. እዋን ክረምት ፡ ንዘቕጽል ደረጃ ትምህርቱ ዝሕግዞ ናይ ሻምናይ ክፍሊ. መጻሕፍቲን ወረቓቕቲ ናይ ማትሪክን ኣብ ምድህሳስ ይርከብ። ሪሞን ምስ ኣሕዋቱ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ምንባብ የዘውትሩ። ብፍላይ ቀዳመ ሰንበት ንዘወጻ ናይ ቆልዑ ዓምድታት "ተርመማን" "ሰንበት ምስ ቆልዑን" ብተገዳስነት እዮም ዘንብቡወን ካብኡ'ውን ብዙሕ ፍልጠት ክቐስሙ ከም ዝኸኣሉ ኣዕሊሉና። ብዘይካ'ዚ. ሪሞን ምስ ኣሕዋቱ ናይ ቋንቋ እንግሊዝኛ ፍልጠቶም ንምስፋሕ ብቋንቋ እንግሊዝኛ ዝተጻሕፉ ሓጸርቲ ዛንታታት'ውን የንብቡ'የም።

ሪሞን ካብ 5ይ-7ይ ክፍሊ. ካብ'ቲ ምስ ስድርኡ ዝቕመጡሉ ዳዕሮ ጳውሎስ ናይ ፍርቂ ሰዓት ርሕቀት ብእግሪ እናተጓዕዙ ካብኡ'ውን ብናይ ከተማ ኣውቶቡስ ንሓንቲ መዓልቲ ከይብኮሩ ኣቓዲሞም ኣብ ትምህርቲ ተረኺቦም ትምህርቶም ይከታተሉ። ሪሞን ኣብ መውዳእታ ምስ ዓበየ ተማራማሪ ስነ ጠፈር ክኸውን'ዩ ዝብህግ።




# ምስሊታት ኣዘምዱ

1. ኣብ ዘይፈልጥዎ ዓዲ ከይዱ ቀርበት ኣገጽፋሊይ ዝበሉ። ሀ. ኣድጊ
2. ክንደይ ዓቅብ ዘይጠረጥና ዝበለት እንስሳ። ለ. ጽንብላሊዕ
3. መቐመጫኣ ዘይከደነት ምድሪ እትኸድን። ሐ. ዝብኢ.

## መልሲ. ናይ ዝሓለፈ.

ካብ ሓንቲ ቃል ካልእ ቃል ዳህስሱ

ንኣብነት - መዓር
* መርዓ
- ሰማይ
* ሰይማ
- በዓል
*በልዓ
- ብርዒ
* ርብዒ
- ንቑሕ
* ሕቑን (ዝተሓቑነ)
- ምሓል
* ሓለመ
- መሓለ
*ልሓም (ዝተላሕመ)
- ምሾት
* ሽምት (ዓድግ)
*ሓለመ
መሓለ

## 10 ኣገደስቲ ምኽሪታት ንፉቱዋት ቆልዑ

1. ኣብ ጽርግያ ኣይትጻወቱ።
2. ኣብ ዝርኸብኩሞ ቀላይ ክትሕንበሱ ኣይትፈትኑ።
3. ማይ እናሃረመ ኣብ ደገ ኣይትውጽኡ።
4. ብኣሰናንኩም ከም ናይ ኮካ ፋንታን ካልእን መኽደኒ. ጢ.ቃ በሰናንኩም ኣይትኽፈቱ።
5. ከም ፓሊናን መርፍእ ኣረቂን ዝኣመሰሉ ነገራት ኣብ ኣፍኩም ካብ ምእታው ተቖጠቡ።
6. ገመድ ኤለክትሪክ ኣይትሓዙ
7. ኣብ ጽርግያ ብጉያ ኣይትሳገሩ።
8. ኣብ ጥቓ ሓዊ ኣይጻወቱ።
9. ኣብ ጥቓ ዒላ'ውን ኣይትቕረቡ።
10. ፍሬኖ ብዘይብላ ብሽክሊታ ኣይትንቀሳቐሱ።